# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.241 | ሰሉስ 9 ሰነ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ስለምንታይ መንፋሕቲ ከስዐ የጋጥመና፧


ገጽ 4
ዓገብ! ውራያት መመረቕታ ይገፍሑ ኣለዉ

ገጽ 5

ጸውጸዋይይ ንጋገር

ገጽ 10



# ፕረዚደንት ኢሳይያስን ፕረዚደንት ኣልሲስን ክልተኣዊ ርክብ ኣካዪዶም

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ግብጺ ዓብደልፋታሕ ኣልሲሲን፡ ትማሊ 8 ሰነ ኣብ ካይሮ ኣብ ዝገበርዎ ርክብ፡ ኣብ ክልተኣዊ፡ ኀደቦኣዊ፡ ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያት ዘተኮረ ሰፊሕ ዘተ ኣካዪዶም።

ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናታት፣ ፕረዚደንት ኢሳይያስን ፕረዚደንት ኣልሲሲን፡ ታሪኻውን ሕውነታውን ዝምድና ኤርትራን ግብጽን ናብ ክብርኽ፣ ኣብ መዳያት ቁጠባ፡ ፖለቲካን ዲፕሎማስን ጭቡጥ ስጉምቲታት ክውሰድ ብመሰረት ዝተገብረ ምርድዳእን ዝተበጽሐ ስምምዕን፣ ኣብ ሃብቲ ዓሳ፣ ከምኡውን ትሕተ-ቅርጺ ወደባትን መጕዓዝያን ዕቱብ ንጥፈታት ንኽካየድ፣ ንዝምልከቶም ኣካላት መምርሒ ሰራሕ ሂቦም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስን ፕረዚደንት ኣልሲሲን ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ፡ ማእከላይ ምብራቕ፡ ቀርኒ ኣፍሪቃን ሱዳንን ዘሎ ህሉው ኩነታት ገምጊሞም፣ ስጕምቲታት ዓሚቕ ምክትታልን ምትሕግጋዝን ዝሓቱ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ቁጠባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማስያውን ጸጥታውን ጉዳያትን ምዕባለታትን ብዕምቈት ዘትዮም።


ኣብ'ቲ ርክብ፡ ብወገን ኤርትራ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ግብጺ ኣቶ ኣማን ዓብደልዋስዕን፡ ብወገን ግብጺ ድማ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዶ/ር በድር ዓብደልዓጢ፡ ከምኡ'ውን ሚኒስተር መጕዓዝያን ኣምባሳደር ኣብ ኤርትራን ተረኺቦም ነይሮም።


እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕን ሚኒስተር በድር ዓብደልዓጢን ኣብ ዝገበርዎ ርክብ፡ ኣብ ዝርዝርን መስርሕ ትግባረን ናይ'ቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስን ፕረዚደንት ኣልሲሲን ዝተዘራረቡሉ ዛዕባታት ዘተኮረ ዝርርብ ኣካዪዶም።

ኣቐዲሙ፡ ፕረዚደንት ዓብደልፋታሕ ኣልሲሲ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ወግዓዊ ኣቀባብላ ገይሩሉ።

ኣብ'ቲ ኣብ ሰዓታት ፍርቂ መዓልቲ ኣብ ቤተ-መንግስቲ ኣልእታሓድያ ዝተገብረ ብናይ ክብሪ ሰላምታን ሰልፊን ዝተሰነየ ስነ-ስርዓት፡ ሃገራዊ መዛሙር ኤርትራን ግብጽን ተዘሚሮም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ናይ ሰለስተ መዓልታት ወግዓዊ ምብጻሕ ንምፍጻም፡ ብሰንበት 7 ሰነ'ዩ ካይሮ ኣትዩ።





# ቤት ትምህርቲ ሕርሻን ተክኒክን ሓጋዝ፡ 126 ተመሃሮ ብሰርቲፊኬት ኣመሪቓ

ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ተክኒክን ሓጋዝ፡ ን32 ዓመታት ብዓብርን ክልሰሓሳብን ከተምህሮም ዝጸንሐት 45 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 126 ተመሃሮ ብ6 ሰነ ብደረጃ ሰርቲፍኬት ኣመሪቓ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ቤት-ትምህርቲ መምህር መልኣከ ብርሃነ ኣብ'ቲ ናይ መመረቕታ ስነ-ስርዓት ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ተመረቕቲ 34 ብስነ-እንስሳ፡ 34 ብስነ-ኣትክልቲ፡ 23 ብኣግሮ መካኒክ፡ 35 ብስነ-ምዕቃብ ሓመድን ማይን ልምዓት መስኖን ከምዝወድኡ ጠቒሱ፣ ብዘቕሰምዎ ትምህርቲ ልምዳዊ ሕርሻ ናብ ዘመናውን ተክኖሎጂካውን ብምልዋጥ ምዕባለ ሕርሻ ከውሕሱን፡ ኣብ ዝተመደብዎ ቦታ ሰራሕ ዓቕሞም ከዕብዩን ተላብዩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቴክኒካውን ሞያውን ትምህርትን ስልጠናን ኣቶ ተስፋይ ሰዩም ብወገኑ፣ ንተመረቕቲ "የሃና" ድሕሪ ምባል፡ ዘቕሰምዎ ትምህርቲ መፈለሚ እምበር መዛዘሚ ከምዘይኮነ ተረዲኦም፡ ሞያዊ ዓቕምታቶም ብቐጻሊ ስራሕን ምርምርን ከማዕብልዎን፡ ኣብ ልምዓት ሃገሮም ብዘይተጕላባኡ እጃሞም ከበርክቱን ከምዝግባእ ገሊጹ።



ብናጻ ንዘምሃሮም ህዝብን መንግስትን ብዓጸፋ ክኸሕሱን ዘቕሰምዎ ሞያውን ተክኒካውን ትምህርቲ ብግብሪ ክሰርሑሉን ድሉዋት ምህላዎም ዝሓበረት ወኪል ተመረቕቲ፡ ኣብ'ቲ ቤት-ትምህርቲ ብዝተገብረሎም ኣልያ ንዘጥረይዎ ልዑል ስነ-ምግባርን ርእሰ-ተኣማንነትን ኣመስጊና።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ኣቶ እድሪስ መሓመድ ሓምድ ድማ፡ ተመረቕቲ ሞያዊ ዓቕምታቶም ተጠቒሞም ትጽቢት ህዝብን መንግስትን ክምልሱን፡ ጸጋታት ሕርሻ ብምምዝማዝ እቶታውነት ከኻዕብዩን ኣብኪታውያን ኣውሓሱቲ ክኾኑን ምዒዱ።

ብሉጽ ነጥቢ ዘምጽኡ ተመረቕቲ ካብ ኢድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ሽልማት ተቐቢሎም።

ኣብ 1999 ስርሓ ዝጀመረት ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ተክኒክን ሓጋዝ፡ ኣብ 25 ዙርያታት 1ሽሕ 141 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 3 ሽሕን ሱሳን ተመሃሮ ከም ዘመረቐት ሰነዳታ የነጽር።

ዜና

# መንደፈራ - ማሕበር ኣርባሕቲ ናይ ጸባ ከብቲ ጉባኤ ኣካዪዱ

ማሕበር ኣርባሕቲ ናይ ጸባ ከብቲ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ብ5 ሰነ ኣብ ዘቃነየ ጉባኤ፡ ውዳበኡ ብምሕያል ምህርቲ ጸባ ንምዕባይ ወጥን ስራሕ ሓንጺጹ።

ኣካያዲ ስራሕ ናይ'ቲ ማሕበር ኣቶ ብርሃ ወልዱ ኣብ ዘቐረቦ ጸብጻብ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብሸነኺ ሕጽረት መግቢ እንስሳ፡ ቁጽሪ ናይ ጸባ ከብትን ምህርቲ ጸባን ኣንቈልቍሉ ምጽንሑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብዝተገብረ ምምሕያሻት ግን ንጥፈታት ማሕበር ኣብ ምብርባር ከምዝርከበ ገሊጹ።

ኣብ ከተማ መንደፈራ ተደኲኑ ዝርከብ ዘመናዊ መኣከቢ ጸባ፡ ብቐዕ መዝሓሊን መዐቀቢን ዓጢቑ ኣገልግሎት ምሃብ ስለዝጀመረ፡ ኣርባሕቲ ናይ ጸባ ከብቲ ዝያዳ ተተባቢዖም ፍርያቶም የዕብዩ ከምዘለዉ ሓቢሩ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ በረኸት ተኽለስላሰ ብወገኑ፡ ብቑዕ መኣከቢ ጸባ፡ ካብ ቀንዲ ማሕንቖታት ኣርባሕቲ ከብቲ ኮይኑ ምጽንሑ ብምጥቃስ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብዝወሰዶ ስጉምቲ ናይ ጸዓት ማሕንቖ ፍታሕ ስለዝረኸበ፡ እቲ ጸገም ከምእተኣልየ ኣፍሊጡ።

ሓላፊ ጨንፈር ሃብቲ እንስሳ ዶ/ር ዑቕባዝጊ ክፍለ ብወገኑ፡ ሓረስቶት ንኹሉ ሕጽረታት በዲሆም ንጥፈታቶም ክቕጽሉ ምኽኣሎም ምስጋና ከምዝግብኦም ብምሕባር፡ ኣብ ልምዓት ሓምላይ መግቢ እንስሳ ኣተኲሮም ብምስራሕ ቀለብ እንስሳ ንምውሓስ ክጽዕሩ ኣተሓሳሰበ።

ምህርቲ ጸባ ንምዕባይ ዝዐበየ ዕላማ ብሸነኺ ሕጽረት መሰረታዊ ጠለብ መግቢ ተዓናቒፉ ምጽንሑ ዝሓበሩ ኣባላት ማሕበር ድማ፡ ኣብ መጻኢ ጥዕና ጥሪቶም ንምውሓስ ዘድሊ ቀረብ መድሃኒት እንስሳ ክውሓስ ኣዘኻኺሮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣካያዲ ስራሕ



ምምሕዳር ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ተስፉይ ጺጋይ፡ ንዕበየት ማሕበር ኩሉመዳያዊ ምትሕግጋዝ ከምዝገብር ብምርግጋጽ፡ ኣርባሕቲ ከብቲ ሓላፍነቶም ብፍጹው መንገዲ ዝተኣርዎ መሸጣ ጸባ ከወግዱ ተማሕጺኖም።

---

# መበል 13 ዓመታዊ 'ፈስቲቫል ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ' ተኻዪዱ

መበል 13 ዓመታዊ ፈስቲቫል ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ፡ ብ3 ሰነ ተኻዪዱ።

እቲ ፈስቲቫል፡ ብመልክዕ ውድድር ዝቐረበ - ኣብ ባህሊ፡ ኣካዳሚ፡ ታሪኽን ስፖርትን ዘዘኻኽሪ መሰናድኦታት፡ ከምኡ'ውን ሰሚናር፡ ምርኢት ቅዲ ኣልባሳት፡ ውድድር መደረን ትንተናን፡ ምህዞን ሰንዳን፡ ቅብኣን ስነፍልጠታዊ ምርኢትን ዘጠቓለለ'ዩ ነይሩ።

ዲን ናይ'ቲ ኮለጅ ፕሮፌሰር ጉብራይ ኣስገዶም ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ እቲ ኣጋጣሚ መዘናግዒ ናይ'ቲ ኣብ መንጎ ተመሃሮን ኣባላትን ንዓመት መመላእታ ክቕየድ ዝጸንሐ ውድድራት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ኣብ ተሳታፍነትን ተወዳዳርነትን ዝርኣይዎ ተገዳስነት መጒሱ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ኮለጅ መንእሰይ ሮሞዳን መሓመድኑር ብወገኑ፡ ፈስቲቫል ኮለጃት - ፍልጠትን ደሰኸሊ.ንን ዝዓጠቑ፡ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰቡ ዝፈልጥን ዝዕቅብን፡ ከምኡ'ውን መሪሕ ግደ ዝጻወት ንቑሓትን ብቑዓትን መንእሰይ ንምህናጽ ዝዓለመ ምዃኑ ሓቢሩ።

ሓላፊት ሃማመተኤ ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን ወ/ሮ መንአሩ እስማዔል ድማ፡ ማሕበር ምስ ኮለጃት ብምውህሃድ ዘውድቦ ፈስቲቫል፡ ተመሃሮ በብዓውደም ንዘጥረይዎ ፍልጠት ዘንጸባርቕ ምርኢት ዘቕርቡሉ፣ ሓድነቶም ብምድልዳል ድማ ምስ ሃገሮምን ሕብረተሰቦምን ዘለዎም ዝምድና ዘሐይሉሉ ከምዝኾነ ገሊጻ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብውልቅን ብጉጅለን ንዝተዓወቱ ሽልማት ኣብ ዝተዓደለሉ ስነ-ስርዓት፡ ተመሃሮ ቀዳማይ ዓመት ንበለል ብምኻን ተሸሊሞም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኃ-ኺ'ቲ ፈስቲቫል፡ "ስነፍልጠት ንሓድነትን ንኪጋንን" ብዝብል ቴማ፡ መዓልቲ ስነ-ፍልጠት ንመበል 5ይ ግዜኣ ተዘኪራ።



---

# ሞልቀ - ነበርቲ፡ ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኣተባቢዖም

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ 'ኣይትዓብር' - ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ ኣብ ምስራሕ መጠነ ንኡስ ዲጋ ተዋፊሮም ዝጸንሑ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ እኽሉማይ ብምድላው ኣተባቢዖም።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ኣይትዓብር ኣቶ ተስፉሚካኤል ጉብሩ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ብደገፍ ህዝብን ሰራዊትን ዝተፈላለየ መደባት ልምዓት ክሳለጥ ምጽንሑ ብምግላጽ፡ እቲ ዝተወደበ ናይ ምዝንጋዕ መደብ ተወሳኺ ደርኺት ዝፈጥር ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ሓለቓ ስታፍ ክፍሉሰራዊት ሜጀር ሚካኤል ካሕሳይ ብወገኑ፡ ብህዝብን ምምሕዳር ከባቢን ኣይትዓብር ንዝተገብረሎም እንግዶት ድሕሪ ምምስጋኑ፡ እቲ መደብ መርኣያ ናይ'ቲ ህዝቢ ኣብ ሰራዊቱ ዘለዎ ዓቢ ክብሪ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጾ. 1284



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ስለምንታይ መንፋሕቲ ከስዐ የጋጥመና፧

መንፋሕቲ ከስዐ ኣጋጠምዎ ዘይፈልጥ ሰብ የለን። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ 18 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ዓለም ኣብ ሰሙን ሓንሳብ መንፋሕቲ ከስዐ የጋጥሞ። መንፋሕቲ ከስዐ ኣብ ደቂ ኣንስትዮን ሽማግለታትን ብዙሕ ልሙድ ከም ዘይኮነ እቲ መጽናዕቲ ወሲኹ የረድእ።

መንፋሕቲ ከስዐ ባህ ዘየብል ስምዒታት ስለ ዘለዎ፡ ማሕበራዊ ንጥፈታት ኣብ ምኪያድ ዓንቃፊ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ብቐሊሉ ንምእላዩ ከም ዝከኣል ክንዘንግዖ የብልናን። ምውስዋስ ኣካላት ምኪያድ፡ መተካእታ መድሃኒት (supplements) ምውሳድ፡ ማሳጅ፡ ለውጢ ኣመጋግባ ወዘተ ነቲ መንፋሕቲ ብቐሊሉ ንምእላዩ ዝሕግዙ ኣገባባት እዮም።

## መንፋሕቲ ከስዐ እንታይ ማለት እዩ፧

መንፋሕቲ ከስዐ፡ ኣምዑት/ መዓንጣ ብጋዝ ወይ ኣየር ምስ ዝመልእ ዘጋጥም ኩነታት እዩ። መብዛሕትኡ፡ መንፋሕቲ ከስዐ ኪጋጥመና እንከሎ፡ ከስዐና ብምምላእ ዝመልአ (ማለት ዝጸንበና) ኮይኑ ይስመዓና እዩ። ከምኡ ግን ኣይኮነን። እቲ መንፋሕቲ ኣብ ኣምዑት እዩ ዘሎ። እቲ ጋዝ ሓንሳብ ምስ ወጸ ደማ ብኡ ንብኡ ከስዐና ክእከብ/ ክቘጻጸር እዩ ዝጅምር።

መንፋሕቲ ከስዐ ኪጋጥመና እንከሎ፡ ከስዐና ክገዝፍን ክተርርን ልሙድ እዩ። መንፋሕቲ ከስዐ ምስ ዘጋጥመና፦

- ቃንዛ፥
- ተደጋጋሚ ምጉሳዕን ጋዝ ምውጻእን፥
- ፍርቕርቕ/ ጎራዕራዕ ዝብል ድምጺ ኣብ ከስዐ ምስማዕ ወዘተ ዝኣመሰሉ ምልክታት ክርአ ልሙድ እዩ።

## ጋዝ ወይ ኣየር

ጋዝ እቲ ቀንዲ መንፋሕቲ ከስዐ ዘስዕብ ጠንቂ እዩ። እዚ ብዙሕ ግዜ ድሕሪ ምምጋብና እዩ ዘጋጥም። ብባዕሉ ሓቘፍም ኣብ ከስዐ ዝጸሓፉ መግብታት ክፍፍቶ እንከለው፡ ወይ ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚ ኣብ ከስዐና ኣየር ምስ ዝኣትወና፡ ኣብ ማስመር መተሓላለፊ መግቢ (ካብ ከስዐ ክሳብ መዓንጣ) ናይ ግድን እዩ ጋዝ ዝእከብ።

ዝኾነ ሰብ ክበልዕ ወይ ክሰቲ እንከሎ ኣየር ይውሕጥ እዩ። ገለ ሰባት ግና ዝያዳ ካልኦት ብዙሕ ኣየር ይውሕጡ። መን እዮም እዚኦም፧

- ቅልጥፍ ቅልጥፍ እናበሉ ዝበልዑ፥
- ማስቲካ ምሕያኽ ዘዘውትሩ፥
- ሽጋራ ዘትክኹ ወዘተ።

## ጥዕናዊ ጸገማት


ጥዕናዊ ጸገም፡ መንፋሕቲ ከስዐ ከስዕብ ዝኽእል ካልእ ጠንቂ እዩ።



- ከም 'ኣልሰር' (ulcer) ዝኣመሰለ ኣብ ከስዐ ዘቃጽል ስምዒት ዝፈጥር ሕማም፥
- ዝተፈላለዩ ጸገማት/ ሕማማት ናይ ከስዐ (gastrointestinal disorders)፥
- ቀሓር፥
- ተኣፋፍንት ንመግቢ፥
- ቅልጡፍ ምውሳኽ ክብደት ሰብነት፥
- ብፍላይ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝርአ ምቅይያር ናይ ሆርሞናት (hormonal flux)፥
- ከም ጃርዲያ (giardiasis) ዝኣመሰለ ኣብ ኣምዑት ዝርአ ረኽሲ ናይ ጽግዕተኛ (parasite)፥
- ዘይንቡር ኣመጋግባ - ከም ሸውሃት ኣልቦነት (anorexia) ከምኡ'ውን ተደጋጋሚ ተምላስ (bulimia)፥
- ከም ወጥሪ፡ ጸቕጢ፡ ቃዝዮትን ካልእን ዝኣመሰሉ ኣእምሮኣዊ ጸገማት፥
- ከም ጠንቂ መንፋሕቲ ከስዐ ዝጥቀሱ ገለ ዓይነት ፍወሳ እዮም።

## መንፋሕቲ ከስዐ ምእላይ ዝሕግዘ ቅልጡፍ ኣገባብ

መብዛሕትኡ ግዜ መንፋሕቲ ከስዐ ዘጋጥም ጋዝ ኣብ ከስዐ ወይ ኣምዑት ምስ ዝእከብ እዩ። ምስ ተመገብና፡ ሻቡ መንፋሕቲ የጋጥመና እንተሎ፡ ነቲ ጸገም ብሀጹጽ ንምእላይ ዝሕግዙ መንገድታት ኣለው።




- ብእግሪ ምጉዓዝ፦ ምውስዋስ ኣካላት፡ ከስዐ ንጡፍ ዝኾነ መግቢ ናይ ምሕቃቕ መስርሕ ከኪይድ ስለ ዝሕግዝ፡ ብቐሊሉ ካብ መንፋሕቲ ክንገላገል ንኽእል ኢና። ድሕሪ ምምጋብ ብእግሪ ምጉዓዝ እቲ ዝበለጸ ኣገባብ ምዃኑ ኣይዝከኖግዕ።
- ማሳጅ ኣብ ከስዐ፦ መንፋሕቲ ከስዐ ኪጋጥመና እንከሎ፡ ንምእላዩ ማሳጅ ምኪያድ እቲ ዝበለጸ ኣገባብ እዩ። እቲ ኣገባብ ድማ፦
	- ክልቲኡ ኣእዳውና ኣብ ዓጽሚ የማናይ ምሕኽልትና ኣተራኢስና ነቐምጦ፥
	- ቀስ ብቐስ ብመልክዕ ክቢ ኑቲ ከስዐ እናደረዝና ክሳብ የማናይ ወገን ቁፎ መሰንገለና ንጽዕጥ።
	- ካብ ናይ ምድራዝ/ ማሳጅ ኣገባብ ህድእ ኢልና ብምኪያድ ክሳብ ኣሰለዋይ ሸነኽ ከስዐን ጸገማይ ቁፎ መሰንገለን ንዘርሕ።
	- ብድሕሪዚ ቀስ እናበልና ብመልክዕ ክቢ እናደረዝና ናብ ጺጋማይ ዓጽሚ ምሕኽልቲ ንወርድ።
	- እዚ ኣገባብ ክሳብ እቲ መንፋሕቲ ዝልቀልና ደጋጊምና ክንከይዶ ይከኣል እዩ።

እቲ ማሳጅ ዝኾነ ቃንዛ ይፈጥረልና እንተሎ ግና ክቋረጽ ይከኣል እዩ።

- ብውዑይ ማይ ምሕጻብ፦ ብሰንኪ መንፋሕቲ ኣብ ከስዐ ዝፍጠር ቃንዛ ኣብ ምህዳእ ልዑል ጥቕሚ እዩ ዘለዎ። እዚ ጭዋዳታት ከስዐ ብዝሆነ ከም ዝፈታትሑን ከም ዝዘልዩን ስለ ዝሕብር እዩ።
- ከም ሻሂ ዝኣመሰሉ ውዑይ ፈሳሲ ምውሳድ፦ ካምሚላ ወይ ዝንጅብል መንፋሕቲ ናይ ምእላይ ጠባይ ዘለዎም ዓይነት ቀመማት እዮም። እዞም ቀመማት እዚኦም ጸረ-ምቅጻል ባህሪ'ውን ኣለዎም። ዋዒ ናይቲ ሻሂ'ውን ንብልዑ ስብነትና ከም ዝዘክር ናይ ምግባር ዓቕሙ ልዑል እዩ።
- ለውጢ ኣብ ኣነባብራ፦ ኣብ መብዛሕትኡ ኩነታት፡ መንፋሕቲ ከበዲ ንምፍዋስ ዝኽእል ዝበለጸ ኣገባብ ለውጢ ኣብ ኣነባብራ ምግባር እዩ። ንኣብነት፡ ልዕሊ ንቡር ክብደት ብምውናንካ ዝጋጥመካ መንፋሕቲ ከስዐ ንምፍዋስ እቲ ዝቐለለ መንገዲ ክብደት ስብነትካ ምጉዳል እዩ። ብልደንጓ ብምብላዕካ መንፋሕቲ ከስዐ የጋጥመካ እንተሎ፡ ኑቲ መግቢ ቀጺሉ ካብ ምውሳዱ ምቁጣብ እዩ።

መንፋሕቲ ከስዐ ናብ ወሸጢ ብዙሕ ኣየር ብምእታው ይስዕብ እዩ። እቲ ኣየር ብእተካይደም ዘይንቡር ልምድታት ዝኣተወ ክኸውን ይኽእል እዩ።

**ስለዚ፡ ብዙሕ ኣየር ናብ ከስዐ ብምእታዉ ዝጋጥመካ መንፋሕቲ ከበዲ ንምእላይ፦**

- ማስቲካ ኣይትሓይኽ። ማስቲካ ምሕያኽ ተወሳኺ ኣየር ናብ ከስዐ ክኣቱ ጠንቂ ይኸውን እዩ።
- ትሕዝቶ ካርቦን (carbonated) ዘለዎም ዓይነት መስተ ካብ ምውሳድ ምቁጣብ፥
- ጋዝ ዝፈጥሩ ዓይነት ኣሕምልትን ጥረታትን ከም ካውሎን ዓይነት ጥረታትን ዘይምውሳድ፥
- ክትብልዕ እንከለኻ ህድእ ኢልካ ምምጋብን ኑቲ መግቢ ብዙሖ ሓፋኽካ ምውሓጥን፥
- ማይ ክትሰቲ እንከለኻ ብመምጸዪ ሻምብቆ (straw) ካብ ምስታይ ምቁጣብ፥

## ሓደገኛ ዝኾኑ ጠንቅታት

**መንፋሕቲ ከስዐ ምልክት ናይ ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ኪይኑ'ውን ይጥቀስ እዩ።**



ንኣብነት፦

- መንሸሮ ናይ ከስዐ ወይ መዓንጣ፡ ሕማም ጸላም ከድብዲን ኩሊትን፡ ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ሕማማት ናይ ልቢ መንፋሕቲ ከስዐ የስዕቡ እዮም።
- ሕማም ጉርጋሕ ከበዲ (celiac disease) ሓደ ካብ ምልክታት መንፋሕቲ ከበዲ እዩ።
- ቆስጠ (pancreas) ብግቡእ 'ኤንዛይም' ክተንዝዕ ብዘይምኽኣላ ዘጋጥም ሕማም መንፋሒ ከስዐ የስዕብ እዩ።

እዞም ልዕሊዚ ዝተጠቕሱ ዓይነታት መንፋሕቲ ከስዐ፡ ሳዕቤናም ከበድ ብምዃኑ ግቡእ ሕክምናዊ መርመራን ፍወሳን ከም ዘድልዮ ዘይምዝንጋዕ።

### መዓስ ናብ ሓኪም ንኸይድ፧

እቲ መንፋሕቲ ከስዐ በዞም ዝስዕቡ ምልክታት ምስ ዝሰኒ ናብ ሕክምና ክትከይድ ይግብኣካ።

- ከቢድን ንዊሕ እዋን ዝጸንሕን ቃንዛ ከስዐ፥
- ደም ዝተሓወሶ ወይ ጸሊም ቀልቀል ምስ እትርኢ፥
- ብሰንኪ'ቲ መንፋሕቲ ምሕር መቐት ሰብነት ምስ ዝስመዓካ፥
- ዘቋርጽ ወጽኣት ምስ ዘጋጥመካ፥
- ከቢድ ናይ ምቅጻል ስምዒት ኣብ ኣፍልቢ ምስ ዝህልወካ፥
- ተደጋጋሚ ተምላስ ምስ ዘጋጥመካ፥
- ዘይንቡር ምጉዳል ክብደት ሰብነት ምስ እተርኢ ተቐላጢፍካ ናብ ሕክምና ክትከይድ ኣሎካ።

### መንፋሕቲ ከስዐ ዘስዕቡ መግብታት

ብመግቢ ተኣፋፊ ዝኾነ ሰብ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት መግቢ መንፋሕቲ ከስዐን ወጽኣትን ከስዕቡሉ ይኽእሉ እዮም። ስለዚ ኣብ ኣመጋግባ ጥንቃቐ ብምግባር ነቲ መንፋሕቲ ምእላዩ ከም ዝከኣል ኣይትዘንግዑ።

መንፋሕቲ ከስዐ ዘስዕቡ መግብታት ኣየኖት እዮም፧

**- ባልደንጓ፡ ኣዳንጉራ፡ ፋጁሊ**

ከም ባልደንጓ፡ ኣዳንጉራ፡ ፋጁሊ ወዘተ ዝኣመሰሉ ዓይነት ጥረታት ልዑል ትሕዝቶ ፕሮቲንን ካርቦሃይድረይትስን እዩ ዘለዎም። ኣብ ርእሲ'ቲ ናይ ቫይታሚንን ማዕድንን ትሕዝቶ ዘለዎም ብጽሒኢ'ውን ዝሃብተሙ እዮም።

ይኹን'ምበር፡ መብዛሕትኦም ጥረታት 'ኣልፋ-ጋላክቶሳይደስ' (alpha-galactosides) ዝተባህለ ሽኮራዊ ትሕዝቶ ኣለዎም። እዚ ምስ 'ፎድማፕስ' (FODMAPs) ዝተባህለ መኣዘዊ ትሕዝቶ ካርቦሃይድረይትስ እዩ ዝምደብ።

'ፎድማፕስ' ሓጺር ናይ ካርቦሃይድረይትስ ተርታ (ሰንሰለት) ስለ ዘለዎ ካብ መስርሕ ምሕቃቕ መግቢ ብቐሊሉ እዩ ዘምልጥ። ናብ ኣምዑት ሓሊፉ ድማ መሕዝኢን መጠኻዕትን ባክተርያ ይኸውን። በዚ ድማ መንፋሕቲ ከስዐ ከስዕብልና ዝኽእል ጋዝ ይፍጠር።

ከምዚ ዓይነት ጸገም ዘጋጠሞ ሰብ - መንፋሕቲ ከስዐ፡ ጎራዕራዕ ዝብል ድምጺ ኣብ ከስዐን ወጽኣትን ከስዕቡሉ ይኽእሉ።

ኣቐዲምካ ኑየም ጥረታት ኣሊኽካዮም ብምጽናሕን ደጋጊምካ ብምሕጻብን ናይ 'ፎድማፕስ' ትሕዝቶኦም ብምጣኑ ክተጉድሎ ይከኣል እዩ።

**- ብርስን**

ብርስን ከም ኩሎም ጥረታት ልዑል ትሕዝቶ ፕሮቲን፡ጽሕጊ፡ካርቦሃይድረይትስን ሓያሎ ዓይነት ማዕድናትን ዝሓቘፈ እዩ።

ልዑል ትሕዝቶ ጽሕጊ ስለ ዘለዎ፡ ኣብ ገለ ሰባት መንፋሕቲ ከስዐ ይፈጥር እዩ። ከም ኩሎም ጥረታት'ውን ናይ 'ፎድማፕስ' ትሕዝቶ ኣለዎ። እዚ ዓይነት ሽኮርዚ ብፍላይ ኣብቶም ጸገማት ናይ ከስዐ ዘለዎም ሰባት ብቐሊሉ መንፋሕቲ ይፈጥር እዩ።

ብርስን ንመግቢ ቅድሚ ምድላውካ ብግቡእ ደጋጊምካ ብማይ ምሕጻብ እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ እዩ።

**- ካርቦን ዘለዎም ዓይነት መስተ (Carbonated drinks)**

ካርቦን ዘለዎም ዓይነት መስተ መንፋሕቲ ከስዐ የስዕቡ እዮም። እዞም ዓይነት መስተ'ዚኦም ልዑል ትሕዝቶ ካርቦን ዳይኦክሳይድ ጋዝ ትሕዝቶ ኣለዎም።

**- ስርናይ**

ስርናይ ብደረጃ ዓለም ብዝበዝሐ ካብ ዝዛልኹ ዓይነት እኽሊ እዩ። ብመልክዕ ባኒ፡ ፓስታ፡ ፒሳ ወዘተ እናቐረበ ድማ ብዝበዝሐ ይዛልኹ።

ስርናይ 'ግሉተን '(gluten) ዝተባህለ ዓይነት ፕሮቲን ዝሓቘፈ እዩ። ብፍላይ ኣብቶም ጸገም ናይ ከስዐን ምሕቃቕ መግብን ዘለዎም ሰባት፡ ስርናይ መንፋሕቲ ከስዐ፡ ወጽኣትን ቃንዛ ከበድን ይፈጥር እዩ።

**- ካውሎ**

ካውሎ ናይ ጽሕጊ፡ ቫይታሚንን ማዕድንን ትሕዝቶ ኣለዎ። 'ፎድማፕስ' ናይ ዝተባህለ ዓይነት ሽኮር ትሕዝቶ ስለ ዘለዎ'ውን ጠንቂ መንፋሕቲ ከስዐ ኮይኑ ይጥቀስ እዩ።

**- ጸባን ወጽኢ:ቱን**

ጸባን ወጽኢ:ቱን ልዑል መኣዘዊ ትሕዝቶ እዩ ዘለዎም። ብፍላይ ኣብ ትሕዝቶ ፕሮቲንን ካልሸየምን ኣብ ቅድሚት እዮም ዝስርዑ።

ይኹን'ምበር፡ ዝኾነ ጸባን ወጽኢ:ቱን 'ላክቶስ' (lactose) ዝተባህለ ዓይነት ሽኮራዊ ትሕዝቶ ኣለዎም። እዚ ዓይነት ሽኮርዚ ብፍላይ ኣብቶም ተኣፋፊ ከስዐ ዘለዎም ሰባት ብቐሊሉ ኣይሓቐቑን እዩ። ከም ወጽኢ:ቱ መንፋሕቲ ከስዐ፡ ቃንዛን ወጽኣትን ክፈጥር ይርእ።

# ርእይቶ

## ዓገብ! ውራያት መመረቕታ ይገፍሑ ኣለዉ

ካልኣይ ክፋል

ፕሮፌሰር ገብረብርሃን ዑቕባዝጊ

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ብትካላት ትምህርቲ ዝወሃብ ብልጫታትን ወረቓት ምስክርን ክልተ ዕላማታት ከምዘለዎም፣ ሓደ ተመሃሮ ንምትብባዕ ብቐንዱ ግን ኩነታት ትምህርቲ ናይ ተመሃሮ ኣብ ግዜ ትምህርቶም ከመይ ከም ዝነበረ ንምሕባር ምዃኑ፣ እዚ ንጹር ዕላማታት ሃልዩዎም ድማ፡ ንትምህርቲ ወይ ንስራሕ ኣብ ዝግበር ውድድር ዓቢ ተራ ከምዘለዎም ድሕሪ ምግላጽ፡ ናይ መመረቕታ ውራይከ ዕላማኡ ወይ ድማ ጥቕሙ እንታይ እዩ፧ ዝብል ሕቶ ኣልዒለ ነይረ። መቐጸልታኡ ይስዕብ፥

ኩሉ ሰብ ከም ዝግምቶ፡ ውራይ ንምግባር ዝጠፍእ ግዜን፡ ሃልኪን፡ ገንዘብን ካልእ ንብረትን ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ብተወሳኺ፣ ተመሃሮ ኣብ ዝምረቑሉ ግዜ፡ ሓደስቲ ክዳውንትን ሳእንታትን ይግዝኣሎም እዩ። እዚ ናይ መመረቕታ ወጻኢታት ዝግበር ዘሎ እውን፡ ድሕሪ ምምራቕ ዘሎ ብድሆታት ኣብ ግምት ዘእተወ ኣይመስለን እዩ። ብዛዕባ እዞም ብድሆታት እዚኣቶም ምልዓል እውን ግቡእ እዩ።

ተመሃሮ ቀዳማይ ዲግሪ ምስ ረኸቡ፡ እሞ ንፉዓት ኮይኖም እንተወዲኦም፡ ካልኣይ ዲግሪ ንምርካብ ትምህርቲ ክቕጽሉ ይኽእሉ እዮም፣ እንተዘይኮነ ናብ ናይ ስራሕ ዓለም እዮም ዝዋፈሩ። ኣብ ሃገርና፡ ምንም'ኳ መንግስቲ ናይ ዝተማህሩ መንእሰያት መሃያ ብተዛማዲ ልዕል ዝበለ ክኸውን እንተገበረ፡ ኩላትና ከም እንርድኦ፡ ካብቲ ብ1998 ዝተጀመረ ውግእ ንድሓር ዘቐሰን ዘላቒ ሰላም ስለ ዘይተረኽበ፡ ህዝብና፡ ብፍላይ ድማ መንእሰያትና፡ ብርዱእ ምኽንያት፡ ከምቲ ሃገር፡ ህዝቢን መንግስቲን ዝምነዩሎም ክነብሩ ኣይክኣሉን እዮም ዘለዉ። ብዛዕባ መርዓ፡ ሓዳር፡ ውሉድ፡ ወዘተ. ክንሓስብ እንከሎና ከኣ ብዙሕ ብድሆታት ከምዘሎ ኩሉና እንርድኦ እዩ።

ኣብ መመረቕታ ዝግበር ውራይ እምበኣር፡ ምስዚ ንምሩቓት ዝጽበዮም ዘሎ ድሕሪ ምምራቖም ዘጋጥሞም ብድሆታት ኣማዛዚንካ ክርአ ዘለዎ ጉዳይ እዩ። ብዙሓት እውን እዚ ኣብ መመረቕታ ዝወጽእ ወጻኢታትሲ ነቲ ድሕሪ መመረቕታ ዝመጽእ ብድሆታት ኣብ ምግጣም እንተዝውዕልዶ ኣይመሓሸን ኢና እንብል።

ኣብዛ ጉዳይ'ዚ ኣዕምቑ ኣቢልና እንተሓሰብና፡ ምናልባት ናብ ሓደ መደምደምታ ኣብ ምብጻሕ ክሕግዝ ይኽእል ይኸውን እዩ። ንበል ንውራይ ዝትክእ ዝሓሸ መገዲ ኣሎ እንተበልና፡ እዚ መገዲ'ዚ እንታይ ረቛሒታት ከማልእ ኣለዎ ኢልና ንሕተት። ነዚ ክንገብር፡ ሓደ ቀሊል ኣገባብ ምትእትታው ከድልየና እዩ። ነቲ ኣገባብ ድማ ብኸምዚ ዝኽተል ገይርና ንገልጾ።

ዝኾነ ፍታሕ ቀንዲ ዕላማን ጎድናዊ ረብሓታትን ኣለዎ። ከምኡ እውን ቀንዲ ንምትግባሩ ዘኽፍሎ ዋጋን፡ ጎድናዊ ማህሰይትታትን ኣለዎ። በዚ መሰረት፡ እቲ ዝሓሸ ፍታሕ፡ ዕላማኡ ዘወቅዕን፡ ዝተሓተ ዋጋ ዘኽፍልን፡ ከምኡ እውን ጎድናዊ ረብሓታቱ ካብቲ ማህሰይቱ ዝለዓለ ዝኾነ እዩ።

በዚ ኣገባብ'ዚ እንተሰሪሕና፡ ነዚ ሕጂ ንኽተሎ ዘሎና ኣገባብ ምስ ካልኦት ኣገባባት ኣወዳዲርና ዘዋጽኣና ክንገብር ንኽእል ኢና። እዚ ኣገባብ'ዚ ካብ መዓልታዊ ንጥቀመሉ ኣገባባት ዝተፈልየ ኣይኮነን። ክዳን ክንገዝእ እንከሎና፡ ጽቡቕ ክዳን ምስ ረአና፡ ዋጋ ድማ ምስ እንሓትት፡ ካብ ዓቕምና ንላዕሊ እንተኾይኑ፡ ንኡ ገዲፍና ካብ ንኽእሎ መሪጽና ንገዝእ። ናይ መመረቕታ ውራይ ክንሓስብ እንከሎና እውን፡ ከምኡ ዘይንገብረሉ ምኽንያት የለን። በዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ድማ፡ ከምዚ ሎሚ ኣብ ሃገርና ዝግበር ዘሎ ውራይ ምግባር ዘዋጽእ ኣይኮነን ኣብ ዝብል መደምደምታ ንኽንበጽሕ ዘጸግም ኣይኮነን።

ኣብዚ፡ ሓደ ሓደ ሓቅታት ብዛዕባ'ዚ ናይ መመረቕታ ውራይ ምዝራብ ኣገዳሲ እዩ። ብዛዕባ ቀንዲ ዕላማኡ፡ ማለት 'ንተመረቕቲ ምሕጓስ' እዩ እንተበልና፡ እቲ ትምህርቲ ብዓወት ምዝዛም ባዕሉ ንተመረቕትን፡ ንወለድን፡ ንኻልኦት ዝምልከቶምን ዓቢ ሓጎስ እዩ። ብዛዕባ ውራይ ክትገብር ዘኽፍሎ ዋጋ ድማ ንዛረብ። እቲ ዝኽፈል ዋጋ ኩሉ ብኣዳለውትን ብበጻሕትን ዝግበር ወጻኢታትን፡ ጻዕርን፡ ሃለኽለኽን፡ ዝሓቖፈ እዩ። እቲ ዋጋ ካብ ከባቢ ናብ ከባቢ፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ፡ ክፈላለ ይኽእል። ንኣብነት፡ እቲ ማእከላይ ገምጋም ናይቲ ዝሓቶ ዋጋ ብገንዘብ ክትመን እንከሎ 40,000 ናቕፋ ንሓደ ውራይ እዩ ንበል። ካብቲ ሓቂ ክዓቢ፡ ወይ ድማ ክውሕድ ይኽእል እዩ። ኣብዚ ግን እቲ ቀንዲ ዕላማና ወጻኢታት ክድመሩ እንከለዉ ክሳብ ክንደይ ኣገደስቲ ይኾኑ ንምሕባር እዩ። ኣብ ዓመት ካብ ኮለጃትና 3,000 ተመረቕቲ ኣለዉ እንተበልና (እቲ ገምጋም ክልዕል/ክትሕት ይኽእል እዩ) ኣብ ዓመት ንውራይ ጥራይ 120 ሚልዮን ናቕፋ ይጠፍእ ኣሎ ማለት እዩ።

እዚ 120 ሚልዮን ናቕፋ እንታይ ክገዝእ ይኽእል ኢልና ንሕተት። መቸም ኣብ ሃገርና፡ ኣብ ኩሉ ደረጃታት፡ ትምህርቲ፡ ብናጻ እዩ ዝወሃብ። ኣብ ኮለጃት ድማ ብተወሳኺ መደቀስን መግብን ዳርጋ ንኹሎም ተመሃሮ ብናጻ እዩ ዝቐረበሎም። መንግስቲ ነዚ ኹሉ ወጻኢታት ባዕሉ ስለ ዝሸፍኖ፡ ክማልኡ ዝግብኦም ዝተፈላለዩ ሃጓፋት እውን ክህልዉ እዮም። እዚ 120 ሚልዮን ናቕፋ በብዓመቱ ንውራያት ዝወጽእ ንኩሎም ዓይነት ሃጓፋት ክሸፍን ዝኽእል ይመስለኒ። ንኣብነት ኣብ ማይ ነፍሒ፡ መንበሪ ኣባይቲ መማህራንን ካልኦት ሰራሕተኛታትን፡ እኹል ስለ ዘየለ፡ መብዛሕትኦም ካብ ኣስመራ እዮም ዝመላለሱ። ሓደ ጽቡቕ መንበሪ ገዛ ሓደ ሚልዮን ናቕፋ ይውድእ እንተበልና፡ በዚ ንውራይ ዝወጽእ ገንዘብ፡ ኣብ ዓመት 120 መንበሪ ገዛውቲ ክሰራሕ ምኸኣለ። ከምኡ እውን በዚ 120 ሚልዮን ናቕፋ ንኹሎም ናይ ኮለጃት ተመሃሮ ኤርትራ፡ ን10 ዓመት ዝኸውን ናይ ጽሕፈት መሳርሒ (መጽሓፊ ወረቓቕቲ፡ ፋይላት፡ ጥራዛት፡ ርሳሳት፡ ቢሮታት፡ ወዘተ) ዋጋ ክሸፍን ምኸኣለ።

ካብ ጎድናዊ ማህሰይቲታት ገለ ነልዕል። ተመረቕቲ ዝተመደበሎም ላዕለዋይ ትምህርቲ፡ ብዓወት ዛዚሞም ክምረቑ እንከለዉ፡ ዝተፈላለየ ጥበባት ዘውንኑ እዮም። እዚኦም ናይ ሃገር ተስፋ እዮም። ንዝሓልፍ ዘሎ ወለዶ ዝትክኡ እዮም። ኣብ ስራሕ ኣትዮም፡ እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ብድሆታት ምስ ኣጋጠሙዎም፡ ተስፋ ቆሪጾም ዘይድለዩ ስጉምትታት ዝወስዱ ውሑዳት ኣይኮኑን። ኣብዚ ሓደ ካብቲ ጎድናዊ ማህሰይቲ ናይ ውራይ ኮይኑ ዘሎ፡ እቲ ንተመረቕቲ ክወሃብ ዝኽእል ዝነበረ ዓቕሚ፡ ኣብ ናይ መመረቕታ ውራይ ስለ ዝተዳኸመ፡ ንተመረቕቲ ነቲ ድሕሪ ምምራቖም ዘጋጥሞም ብድሆታት ንምግጣም ዘድልዮም ሓገዝ ይስእን ኣሎ። ብዙሓት ውራይ ክገብሩ ይልቅሑ እዮም። በዚ ድማ ልቓሕ ከይተኸፍለ እንከሎ፡ ካልእ ጸገም ይመጽእ ኣሎ። ስለዚ፡ ኣብ ላዕሊ ከም ዝተጠቕሰ ኣብ ክንዲ ውራይ ምግባር፡ ንተመረቕቲ ድሕሪ ምምራቖም ዘጋጥሞም ብድሆታት ክብድሁ እንተንሕግዞም፡ እቲ ኣዝዩ ዝሓሸ ምርጫ እዩ።

ተወሳኺ ጎድናዊ ማህሰይቲ እውን ነልዕል። ተመሃሮ ድሕሪ ምምራቖም፡ ናብ ሓድሽ ናይ ስራሕ ዓለም እዮም ዝኣትዉ። ኣብዚ ሓደ ካብቶም ኣገደስቲ ረቛሒታት፡ ምስ መሳርሕትኻ ተሰማሚዕካ ብውሕሉል መንገዲ ካብኣቶም እናተመሃርካን፡ ናታቶም ጽቡቕ ልምድታት እውን እናሓዘካን፡ ሞያኻ ምምዕባልን ነብስኻ ምህናጽን እዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ፡ እዚ ኣገባብ'ዚ ንትካልን ንመሳርሕቲን ዘዐውት እዩ። እዚ ትሕትና፡ ሚዛናዊ ኣረኣእያን ኣካይዳን፡ ዓቕሊ፡ ተጻዋርነት፡ ብሓፈሻ ጽቡቕ ዝኾነ ስነ ምግባር፡ ዝሓትት እዩ። ብተወሳኺ፡ ሕብረተሰብ ካብ ዝተማህረ ብዓል ሞያ ዝጽበዮ ኣገዳሲ ተግባር ኣሎ። ንሱ ድማ ዝተማህረ ብዓል ሞያ፡ ጸገማት ብሞያዊ ኣገባብ ክፈትሕን፡ ንኻልኦት ድማ ኣርኣያ ክኸውን ከም ዘለዎን እዩ። ተመረቕቲ ነዚ ክግንዘቡዎ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ጉዳይ ናይ መመረቕታ ውራይ እውን ብመንጽር እዚ ሓቂ'ዚ ክርአ ኣለዎ።

ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ ሰንሰለታዊ መግዛእቲ፡ ዘመናዊ ትምህርቲ ድሒሩ'ኳ እንተጀመረ፡ ብተዛማዲ ምዕቡል ማሕበራዊ ልምድታትን፡ ሕግታትን፡ ከምኡ እውን ክብርታትን፡ ዘውንን እዩ። እንተኾነ፡ ሃገርና ኣብዚ ግዜ'ዚ ብኤኮኖሚን ብተመሳሳሊ ዘመናውያን ረቛሒታትን፡ ምስተን ዘይማዕበላ ሃገራት ዓለም እያ እትስራዕ። እዚ ድማ ኣጸጋሚ ዝኾነ ሳዕቤናት ኣለዎ። ስለዚ ካብዚ ዘየዛኒ ኩነታት ቀልጢፍና ክንወጽእ እዩ ዝግብኣና። ኣብዚ ኩነታት'ዚ እንከሎና እምበኣር ገንዘብናን፡ ጉልበትናን፡ ንብረትናን፡ ኣብ ጥቕሚ ዘይብሉ ነገር ከነጥፍእ ግዜኡ ኣይኮነን።

ከምዚ ካብ ኮነ ደኣ፡ ካብ ናይ ገፊሕን ዓቢን ናይ መመረቕታ ውራይ ልምዲ ከመይ ገይርና ኢና እንወጽእ፧ ኣቦታትና ከም ዝምስልዎ፡ 'ዓሻ ዝተኸሎ ለባም ነይነቕሎ'፡ እዩ ዝበሃል። ስለዚ ነዚ ልምዲ'ዚ ምግዳፍ ቀሊል ከይከውን ይኽእል እዩ። ተመሳሰልቲ ጉዳያት፡ ከም መርዓ፡ ተዝካር፡ ወዘተ. እውን ንነውሕ ዝበለ ግዜ ክዝረበሎም ዝጸንሑ'ኳ እንተኾኑ፡ ገና ዘይተፈትሑ ጉዳያት እዮም። ነዚኦም ርኢና እምበኣር፡ ፍታሕ ኣብ ምርካብ ቀጻሊ ጻዕሪ ከነካይድ ከም ዘሎና ኢና ንግንዘብ።

ንዝኾነ ጸገም ንምፍታሕ ወይ ድማ ጌጋ ንምእራም፡ እቲ ብቐዳምነት ክንገብሮ ዘሎና፡ ነቲ ጸገም፡ ወይ ድማ ጌጋ፡ ብግቡእ ምርዳእ እዩ (ጥቕሚ ዘይብሉ ነገር ምዃኑ እናፈለጥና፡ ጸገም ወይ ጌጋ ኣይኮነን ንብል እንተኼንና፡ ፍታሕ ክንረክብ ኣይንኽእልን ኢና)። ነቲ ርድኢት ናብ ኩሉ ዝምልከቶ ክበጽሕ፡ ንኹሉ ድማ ብግቡእ ክምዝርድኦ ምግባር፡ መራኸቢታት ብዙሓን፡ ህዝባውያን ትካላት (ከም ሃማመተኤ፡ ሃማደኤ፡ ምምሕዳራት፡ ወዘተ. . .) ኮለጃት፡ ወለዲን ተመሃሮን፡ ኣብዚ ቀንዲ ተዋሳእቲ ክኾኑ ይግባእ። ኣስፍሕ ኣቢልና ክንርእዮ እንከሎና እውን ንኹሉ ዜጋ ዝምልከት ጉዳይ ስለ ዝኾነ፡ ኩሉ ዜጋ ብልዑል ተገዳስነት ክቃለሰሉ ዝግባእ ጉዳይ እዩ።

ኣብዚ ቀረባ እዋን ብምምሕዳራት ዝውሰድ ዘሎ ስጉምትታት ተስፋ ዝህብ እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ኣስመራ ኣብ ንኡስ ዞባ ቲራቮሎ (ምምሕዳር ከባቢ ዊና)፡ ውራያት ቅርጡዋት ክኾኑ ዝኽእሉሉ ሜላታት ኣተኣታትዮም ከም ዘለዉ ክርዳእ ክኢለ ኣሎኹ። ኣብ ካልኦት ንኡሳን ዞባታት ከተማ ኣስመራ እውን ተመሳሳሊ ስጉምትታት ይውሰድ ኣሎ። እዚ ኣብ ትግባረ ብዝተረኽበ ተመክሮ ተጠቒምካ ክመሓየሽ፡ ከምኡ እናበለ ድማ ኣብ ምሉእ ሃገርና ንክልመድ ምጽዓርን፡ ግዚኡ ዝሓቶ ጠለብ እዩ። ኣብ መወዳእታ፡ ናይ ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት ሞያውያን፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ብኸመይ መንገዲ ተታሒዙ ናብ ዓወት ክበጽሕ ከም ዝኽእል ብምሕባር፡ ሞያዊ ማዕዳኦም ክህቡ ኣዝዩ ኣገዳሲ ይኸውን።

---

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ፍኖተ ህይወት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ኣኮበ. |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ስሰ ስፖርት |
| 14:25 | ዶክመንት |
| 15:55 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:25 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ፊልም - ክንጁላ ብሌን |
| 19:25 | ሃሎ ቁልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዶክመንት - ማይ ደምኑት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም - እንዳ ዠማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣንላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንን ይግባይ በሃልቲ ወረ/ኑ ገብረየውሃንስ ተ/ስላሴ 1. ኑ/ሃብቱ ተስፋስላሴ 1.1 ተኽኣ ሃብቱ ተስፋስላሴ +8 2. ኑ/ሕርይቲ ተስፋስላሴ 2.1 ኑ/ሃንስ ዘርኣም መንግስቱ 2.1.1 ኣብርሀት ሃብተጻየን ኣስገዶም +7 2.2 ኣማኑኤል ዘርኣም መንግስቱ +1 3. ኑ/ጸሃይቱ ተስፋስላሴ ዑቕባስላሴ 3.1 ኑ/ምሕረት ጋይም ኣልመዶም +7 4. ለተብርሃን ጋይም ኣልመዶም 5. ኑ/ተዛረ ጋይም ኣልመዶም 5.1 ሮቤል ተዛረ ጋይም+7 6. ገብረመስቀል ጋይም ኣልመዶም 7. ሮግኣት ጋይም ኣልመዶም 8. ኣብርሀት ጋይም ኣልመዶም፣ ወ/መልሲ ወረ/ኑ ኣምለሶም ተስፋስላሴ 1. መም/ የናስ ኣምለሶም +21 ዘሎ ናይ ወሀብቶ ምጽዳቕ ክርክር፡ ቤት ፍርዲ ገጸረ ነጥቢ ረኺቡሉ ስለ ዘሎ፣ ተጸዋዕቲ፦ 1. ብርኽቲ ሃብታይ ተስፋስላሴ 2. ኤልሳ ሃብታይ ተስፋስላሴ 3. ሰለሙን ሃብታይ ተስፋስላሴ 4. ወጋሕታ ሃብተጻየን ኣስገዶም 5. ዑቕባዘጊ ሃብተጻየን ኣስገዶም 6. እዝጊኣምን ሃብተጻየን ኣስገዶም 7. ምስጋና ሃብተጻየን ኣስገዶም 8. ተስፋኣለም ሃብተጻየን ኣስገዶም 9. ብርሃና ሃብተጻየን ኣስገዶም 10. ክፍለማርያም ዘርኣም መንግስቱ 11. ራህዋ ግደ ካሕሳይ 12. የርዳኖስ ግደ ካሕሳይ 13. በየነ ግደ ካሕሳይ 14. ቢንያም ግደ ካሕሳይ 15. ለተብርሃን ጋይም ኣልመዶም 16. ሮቤል ተዛረ ጋይም 17. ሚሮን ተዛረ ጋይም 18. ኣሌክሳንደር ተዛረ ጋይም 19. ሰምሃር ተዛረ ጋይም 20. መድሃኔ ተዛረ ጋይም 21. ኣብርሀት ጋይም ኣልመዶም፥ እየም ብኣካል ዘለዉ መጸዋዕታ ቤት ፍርዲ ክበጽሖም፣ እየም ንጹር ኣድራሻ ዘይብሎም ድማ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዖም ክቐርቡ ን16/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቀረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ንሕብር።

ብፍ/በ/መሰል ባንክ ልምዓት ወርፍን ኤርትራ፥ ኣብ መንን ብፍ/ብዓል መሰል፡ ብ/ብ/ዕዳን ዘሎ ናይ ፈጻሚ ንዝምልከት ብፍ/በ/ዕዳ ቁ/2 ኣቶ ሓሰን ዒልሰይድ ዓሊ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን24/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ/37 ቅረብ፤ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ንሕብር።

ወ/ሮ ሃይማኖት ቀለታ ኣረጋይ፥ ተጸዋዕቲ ሰለሙን ሃደለ ካሕሳይን ወ/ሮ ፊልማዊት ተከኤ በርሀን ናይ ሞግዚት ጉዳይ ስለ ዘለኩም፡ ተጸዋዕቲ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ቀረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ንሕብር።

ወ/ሮ ምልእተ ገብረሂወት ኣረጋይ፥ ብዓል ቤተይ ዘርኡ ደቦሳይ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 2 ደቀናን 6 ደቁን ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ማሙት ዓንደማርያም ወልደገብርኤል ምባል ተረፉ፥ ማሙቅ ዓንደማርያም ወልደገብርኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ መብራህቱ ገብረሚካኤል ክፍሉ፥ ወለድና ገብረሚካኤል ክፍለ ገብረስላሴን ጉየይ ዘመንፈስቅዱስ ገብረእየሱስን ስለዝዋረሩ፥ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሶልያና መድሃኔ በየነ ምባል ተረፉ፥ ኣርሴማ መድሃኔ በየ፡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኣብ መንን ወ/ሮ ቅዱሳን ገብረመስቀል ደስታን ተጸዋዕቲ ወ/ሮ ታብቱ ገብርሂወት ገብረመስቀል +9ን ዘሎ ናይ ሰበል ክርክር ብናይ ምክፍፋል ውርሻ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ተጸዋዕቲ 1. ወ/ሮ የዲት ገብርሂወት ገብረመስቀል 2.ኣቶ የናስ ገብርሂወት ገብረመስቀል 3. ኣቶ እንድርያስ ገብርሂወት 4. በርሀ ገብርሃወት ገብረመስቀል፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን29/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቀረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ንሕብር።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ተጸዋዕቲ ወረስቲ ብፍ/በ/ዕዳ ሮግበ ኣርኣያ 1.ሰምሰም ክፍለ 2.ለተሚካኤል ክፍለ 3.ፍረወይኒ ክፍለ 4.ሂወት ክፍለ 5.ክብሮም ክፍለ 6. ተስፋሚከኤል ክፍለ፣ ን15/7/26 ቤ/ፍ ቀረቡ። እንተዘይ ቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ፍልጡ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ጸሃይሽ ተስፋልደት ትኩእ፥ ብዓል ቤተይ ዝተፈቐደሉ እንዳ ደርሆ ብምግዲ ፍቓድ ቁ.DML00005421ብቁ.መዝ/ DML0000451 ዝተመዝገበ፡ ኣብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ድባርዋ ኣብ ዓዲ ሽም ሃብቱ ሰረንታ ተባሂሉ ዝፍለጥ ናይ እንዳ ደርሆ ትካል ሰም ምትሕልላፍ ክገብረሉ ስለ ዝደለኹ፣ ተጸዋዕቲ ወረ/ኑ/ ሄር ገብረ ፍረ ኪዳነ 1. የውሃንስ ገብረ ፍረ 2. መብራህቱ ገብረ ፍረ 3. ሳባ ገብረ ፍረ 4. ሙሴ ገብረ ፍረ 5. ኣስመሮም ገብረ ፍረ 6. 7. ሰናይት ገብረ ፍረ፣ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል16/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቀረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ

## ሓልሓል

ግዴና ተኽለ ታጅር፡ ምባል ተረፉ፥ ግዴና ተኽለ ኣጃር፣ ከምኡ'ውን ሰም ኣደ ኣቡሓጎና ርስታ ኣረይ ሓሞል ምባል ተረፉ፥ ርስታ ኣረይ ሓማድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ከሳሲት ወ/ሮ ራሀዋ ተስፉ ዓንደማርያም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሳሙኤል ኣንገሶም፡ ብዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘላ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን11/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወረ/ኑ ኣቦ የውሃንስ ቀለተ፡ ኤልሳ ወልደየውሃንስ ሓምድናካ፡ ኤልያስ ወልደየውሃንስ ሓምድናካ፡ ኤርሚያስ ወልደየውሃንስ ሓምድናካ፡ ሳሙኤል ወልደየውሃንስ ሓምድናካ ፡ ሰላም ወልደየውሃንስ ሓምድናካ፡ ወከል ኮ/ል ዘካርያስ ወልደየውሃንስ ሓምድናካ፡ ተጸዋዕቲ ወረ/ኑ/ጸሃይቱ የውሃንስ ቀለተ 1. ዛፉ ገብሩ 2. ኣዜብ ገብሩ 3. ክፍለ ገብሩ 4. ገነት ገብሩ 5. ሶፍያ ገብሩ 6. ሳሌም ገብሩ፥ ኣቶ ተወልደ የውሃንስ ቀለተ፡ ኣቶ ጴጥሮስ የውሃንስ ቀለተ፡ ጸጋ የውሃንስ ቀለተ፡ የሴፍ የውሃንስ ቀለተ፣ ንምቅሊት ውርሻ ዝምልከት ጉዳይ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ን09/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቀረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ንሕብር።

እንትሳር ሳምራ ኣልሓጅ ምባል ተረፉ፥ እንትሳር ሳምራ ልጃጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዳዊት ረድኢ ማስቀል፡ ካብ ነ/ ሄር ሉላ በርሀ ሰዩም ዝገዝኣኩዋ መኪና ER-C-6678 ናብ ስመይ ደሲጋገረለይ ስለዝበለ፣ ካብ ወረስቲ ነ/ሄር ሉላ በርሀ ሰዩም ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ንሕብር።

ኣቶ ገብረመድህን ኣርኣያ ፍካክ፥ ንዓኹም ዝምልከት ሲቪላዊ ክሲ ቀሪቡኩም ስለ ዘሎ፡ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን15/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቀረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ንሕብር።

ወ/ሮ ልኡል የውሃንስ ፍቃዱ፥ ተጸዋዒ ኣቶ ገብረመድህን ኣርኣያ ፍካክ፥ ንዓኹም ዝምልከት ሰቪላዊ ጉዳይ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን15/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቀረቡ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ኣቶ ረዳኢ ክፍላይ ወልደሚካኤል ምባል ተረፉ፥ ረዳኢ ክፍላይ ፍረሰም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ወራሲት ዛህራ ዓሊ ኣብብከር፡ ብስም ብዓል ቤተይ ኑ/ሄር ኣሕመዲን መሓመድ ጣህር መ/ደኖር ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 5 ደቀይ ወረስቲ ስለዝኾንና፡ ብስሙ ዝወጸ ፍቓድ ንግዲ BJ-0112416 Tin N0 73-051-536 ፍቓድ ዋኒን ናይ ቤት ቁርሲ ይሰረዘለይ ኢላ ስለ ዘመልከተት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።



ሓደስቲ መጽሓፍቲ NEW BOOKS

ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ
(9ይ 10ይ 11ን 12ን ክፍሊ)

1. Brush up your Progress in High school (Natural Science Stream): English, Maths, Physics, Chemistry, Biology, Agriculture.
2. Brush up your Progress in High school (Social Science Stream): English, Maths, Geography, History, Business & Economics.

ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ:
- ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ብዝቐለለ መገዲ ዝቐረበ ጵማቑ ትሕዝቶ ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ
- ልዕሊ 1000 ዝተሰርሑ ኣብነታት
- ልዕሊ 3800 መላመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

ኣብ ኩሉን ኣብያተ መጻሕፍቲ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ።
07151337/07282165



ሓጋዚት መጽሓፍ

ንተመሃሮ 2ይ ደረጃ
(ክፍልታት 9-12)

Comprehensive Mathematics

Grade 9-12

- Algebra
- Geometry

ኣብ ውሽጢ 544 ገጻት ንኣልጀብራን ጂኦሜትሪን ሰፊሕን ዓሚቝን ሽፈን እትህብ ዓባይን ብልጽግትን መጽሓፍ!!

ትሕዝቶ መጽሓፍ
- መግለጺ ኣምሪት ኣልጀብራን ጂኦሜትሪን
- ብዙሀ ኣብነታት
- ስእላዊ መረዳእታታት
- መሃርቲ ሰሌዳታት
- ዝተዓየዩ ሕቶታትን ግድላትን
- ዝተፈትሑ ማትሪክ-መሰል ግድላት
- መዘንቲ መላመዲታት
- መልሲ መላመዲታት

ኣብ ኣብያተ መሸጣ መጻሕፍቲ ትረኽብዋ።

ንዝያዳ ሓበሬታ
07142402 / 07461121

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣንላኽ - ሳምራዊት ሞለስ


UNFPA

# Vacancy announcement# 002/2026

VACANCY- Programme Specialist, SRH&RR - UNFPA, Eritrea

| | |
|---|---|
| Official Job Title: | Programme Specialist, SRH&RR Duty Station: Asmara |
| Grade (Classified) | NO-C |
| Contract Type | Fixed Term Appointment |
| Post Number: | 32722 |
| Post Type: | ☐ Rotational ☐ Non-Rotational |
| Duration | One Year |

1. Organizational Location

The Programme Specialist is located in Country Offices (CO) and reports to the UNFPA Assistant Representative, under the overall supervision of the Country Representative.

2. Job Purpose

The Programme Specialist, Sexual and Reproductive Health and Reproductive Rights (SRH&RR) plays a leadership role in coordinating and managing comprehensive integrated programmes on SRH&RR including maternal health, family planning, HIV prevention and harmful practices affecting the health and wellbeing of women and girls. The Programme Specialist supports national efforts to achieve universal access to comprehensive SRH&RR by promoting policy, financing, programmatic and accountability commitments. S/he oversees UNFPA SRH&RR programmes and projects formulation, implementation, monitoring and evaluation focusing on strengthening Eritrea's primary health care delivery systems. The staff member provides technical support to the design, implementation, monitoring and evaluation of joint programming initiatives with sister UN agencies. S/he leads the SRH&RR programme team and collaborates with the CO's operations/administrative support staff for effective and efficient use of SRH&RR programme resources.

3. Major Activities/Expected Results

Overall Responsibilities:

* In collaboration with Government counterparts, sister UN agencies and other partners, the Programme Specialist oversees the formulation, design and delivery of the country programmes and projects on SRH&RR in line with Government's priorities, United Nations Sustainable Development Cooperative Agreement (UNSDPF) and UNFPA Country Programme Development (CPD) by following UNFPA programme policies and procedures.

- Oversees achievement of SRH&RR programme results through appropriate monitoring and oversight mechanisms and systems.

- Reviews the political, social and economic environment relevant to sexual and reproductive health and reproductive rights, and pursues opportunities for UNFPA assistance and intervention. Assesses implications of new policy developments and strategies on SRH&RR programmes and projects.

- Oversees project implementation, establishing collaborative partnerships with executing agencies, experts, government counterparts and other UN agencies to facilitate timely, efficient and effective delivery of project inputs.

Specific Responsibilities: As a Programme Specialist, SRH&RR, he/she will (1) advance policy dialogue and thought leadership; (2) support national capacity development; (3) lead advocacy, partnerships and mobilise resources; (4) design, coordinate and manage programmes; (5) supervise and manage performance of teams/staff in the SRH&RR unit; and, (6) support knowledge management on SRH&RR more broadly and specifically on family planning, maternal health including emergency obstetrics and newborn care, obstetric fistula, HIV prevention and harmful practices affecting health and wellbeing of women and girls.

I. Policy Dialogue and Thought Leadership

- Represent UNFPA in strategic conversations to advocate for the development, financing and implementation of policies, plans, programmes and strategies for accelerating progress towards universal SRH&RR in line with Eritrea's national priorities.
- Engage in discussions on aid effectiveness and UN reforms to enhance UNFPA's effectiveness, impact and value addition.
- Provide technical input to the development of relevant advocacy and policy documents to advance sexual and reproductive health and reproductive rights.
- Provide input into the development of global UNFPA's policies using in-country experience.

II. National Capacity Development

- Support national capacity development in SRH&RR by drawing on and feeding into national and sectoral capacity assessments to ensure capacity building in strategic planning and results based management.
- Support capacity development of Implementing Partners (IPs) to ensure effective and efficient implementation of integrated SRHH&RR programmes in accordance with organizational policies and procedures to strengthen the Eritrean primary health care delivery systems.
- Lead programme and project implementation, guide and orient partner agencies and programme personnel through effective modalities and best practices.
- Regular follow-up and support to Implementing Partners to ensure timely-implementation, and financial and programmatic reporting.

III. Partnerships, Communication and resources mobilization

- Contribute to the country office strategic communication and resource mobilization strategy by analysing information on potential donors, preparing evidence-based briefs and project proposals in line with donor priorities, creating feedback mechanisms and providing information on progress of donor funded projects.
- Represent UNFPA at UN inter-agency meetings for health and government-led technical committees including Development Partner Groups to promote change and enhance effectiveness and impact of working groups to ensure full inclusion and monitoring of SRH&RR including harmful practices affecting health and wellbeing of women and girls.
- Effectively network with partners seizing opportunities to build strategic alliances with institutions and individuals relevant to UNFPA's mandate and strategic priorities.
- Sensitizes UN partners, donors and government authorities to the Fund's strategic priorities, identifying areas for joint efforts.

IV. Programme Management and Coordination

- Provide substantive leadership and inputs into the design, formulation and delivery of programmes and projects translating UNFPA's mandate and strategic priorities into local interventions, and responding to Government priorities , UN Sustainable Development Cooperation Framework (UNSDCF) and UNFPA Strategic Plan and Country Programme Document.
- Advise and report on achievement of SRH&RR programme and project results by proactively measuring changes and ensuring effective utilization of financial and human resources using appropriate monitoring and evaluation mechanisms and tools.
- Achieve results by effectively monitoring, evaluating programmes and projects and managing the projects' resources. Identify and document best practices and innovative approaches and support their application at scale.
- Guide and manage innovative and responsive programming for the effective implementation of SRH&RR programmes.
- Work closely with UNFPA Operations Staff members to ensure that activities are implemented within the allocated budgets and in-line with policies and procedures.

V. Knowledge Management

- Share information and knowledge on cross cutting dimensions related to SRH&RR with key partners including government and donors to ensure full integration of issues into capacity development processes and health sector institutional reforms through a rights based approach.
- Support the generation of strategic information and evidence to inform national policies and strategies for improving SRH&RR.
- Perform any other duties as assigned by the supervisor and senior management from time to time in consultation with the Representative.

4. Work Relations

The Programme Specialist oversees the work of the SRH&RR programme team as well as of consultants, advisors, and experts and establishes and maintains collaborative relationships with government counterparts, multi-lateral and bilateral donor agencies and civil society to address emerging issues. S/he must effectively influence counterparts from diverse backgrounds to contribute to achieving UNFPA's mandate.

Continued on page 8

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

Continued From page 7

5. Job Requirements

Education:

Master's degree or equivalent in medicine, and public health or related social science discipline.

Knowledge and Experience:

- At least Five years of increasing professional experience in the field of development and population activities, with experience in programme/ project management.
- Demonstrable technical expertise in SRHR including GBV and harmful practices.
- Demonstrated results orientation, with proven experience in results-based management.
- Proven experience in coordinating/managing a team of staff, experts and consultants.
- Proven strategic communication skills in communicating technical and/or complex issues to different types of audiences.
- Demonstrated ability to write robust proposals and mobilization of resources.
- Demonstrated experience in networking, coordination and liaison with government counterparts, NGOs, UN agencies, and other development partners.
- Possess excellent interpersonal, negotiating, intercultural communication skills, and political acumen.
- Experience using Microsoft Office software packages and web based Cloud applications;
- Strong analytical orientation and sound judgment, initiative, culturally sensitive and resourceful.
- Dedication to the United Nations principles and demonstrated ability to work harmoniously in team and with persons of different nationalities.

Values:

- Exemplifying integrity
- Demonstrating commitment to UNFPA and the UN system
- Embracing cultural diversity
- Embracing change

Core Competencies:

- Achieving results
- Being accountable
- Developing and applying professional expertise/ business acumen
- Thinking analytically and strategically
- Working in teams/ managing ourselves and our relationships
- Communicating for impact

Managerial Competencies:

- Providing strategic focus
- Engaging internal/ external partners and stakeholders
- Leading, developing and empowering people/ creating a culture of performance
- Making decisions and exercising judgment

Functional Skill Set:

- Advocacy/ Advancing a policy-oriented agenda
- Leveraging the resources of national governments and partners/ building strategic alliances and partnerships
- Delivering results-based programme
- Internal and external communication and advocacy for resource mobilization.

Languages:

Fluency in oral and written English.

Compensation and Benefits:

This position offers an attractive remuneration package including a competitive net salary plus and other benefits as applicable.

DISCLAIMER:

UNFPA does not charge any application, processing, training, interviewing, testing or other fee in connection with the application or recruitment process. Fraudulent notices, letters or offers may be submitted to the UNFPA fraud hotline http://www.unfpa.org/help/hotline.cfm

How to Apply:

UNFPA utilizes an electronic application management system. All prospective candidates are required to submit their applications through the below link :

https://estm.fa.em2.oraclecloud.com/hcmUI/CandidateExperience/en/sites/CX_2003/job/33996

It is highly recommended that candidate profiles are meticulously updated to reflect accurate employment history, academic credentials, and linguistic proficiencies. Applicants must include a formal cover letter, an updated Curriculum Vitae, and copies of academic qualifications, ensuring that contact telephone numbers are provided.

Candidates lacking reliable internet access may personally visit the UNFPA office at 5 Hiday Street (adjacent to EXPO), Asmara, Eritrea, to facilitate the submission of their online application.

Note: All applications must be received within ten (10) business days from the date of the vacancy announcement.

Important Notice: UNFPA does not levy any fees at any stage of the recruitment process. Furthermore, the organization does not solicit medical information regarding HIV or AIDS status and maintains a strict policy of non-discrimination.

CANDIDATES SHOULD PROVIDE EVIDENCE OF COMPLETION / EXEMPTION FROM NATIONAL SERVICE

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that the shareholders of New Eritrean Builders P.L.Co in their extraordinary general meeting held in the head office on the day of 20/05/2026 have unanimously decided to adjust the shareholding of the members to 2031 shares each and also to add the following business activities.

- ✓ To engage in the aluminium extrusion works
- ✓ To engage in Wood, metal and aluminium works
- ✓ To engage Manufacture of cement products
- ✓ And any kind of manufacturing

**NEW ERITREAN BUILDERS P.L.CO**

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ዝኢ ትእዛዝ ምሁብ ኢድካዩ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ኣመልካቲት ብዕለት 04/05/2026 ዝተጻሕፈ ምልክታ ገይራ፥ ብዓል ቤተይ ኣቶ ኣማረ ረዳ ተስፋማርያም፡ ኑቲ ኣብ ዞባ ደቡብ ደባርዋ፡ መ/ቁመ (PID) 2338X0514 ዞን 2 ሎታ (ብሎክ) Ha ፓርሰል (D.ID) 9 ዚፕ ስፍሓት መሬት 315 ት/ሜ/ቬክ ው.ኢ.መ (LUP) M.L ው.ል.ክ (ADP) R ንበረት ዝተደኮላ 3 ቀንደን 1 ክሽን 1 ዓይኒ ምድሪ፡ 2 ተሓጋገዚ፡ ክፍሊታት ዘለዎ ዘይንቀሳቐስ ንበረት፡ ንበጽሒቱ ዝምልከት ብህያብ መልክዕ ስለ ዝሃበ፡ ናብ ስመይ ይመሓላለፈለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ይ/በዝሊት ሰናይት ሰለሙን ወልደየውሃንስን መ/ወሃብቲ፡ ወረ/ነፍ ስዩም ዑቕባጋብር +21ን ናይ ፈጸሚ ክሲ. ቀረቡልኩም ስለዘሎ፡ መ/ወሃብቲ፡ ቁ/11 ኣማኑኤል ስዩም ዑቕባጋብር፡ ቁ/14 ኢድያም ስዩም ዑቕባጋብር፡ ቁ/15 ሰምኣን ስዩም ዑቕባጋብር፡ ቁ/16 የርሳሌም ስዩም ዑቕባጋብር፡ ቁ/17 ሽዊት ስዩም ዑቕባጋብር ቁ/18 ሰማር ስዩም ዑቕባጋብር፡ ቁ/19 ሃብተኣብ ስዩም ዕቕባጋብር፡ ቁ/20 ኣዛማት ስዩም ዑቕባጋብር፡ 21 ኢሲያስ ስዩም ዑቕባጋብር፡ ኢድራሻኦም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕርብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ዓብዱ ማሕሙድ ሰዒድ ምባል ተረፉ፥ ዓብዱሰላም ማሕሙድ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

መ/ሰናር ማሐመድ መ/ደናር ምባል ተረፉ፥ ሳልሓዲን ማሕመድ መሐመኖር፡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ርእና ንኣምን - ዝኣመንናዮ'ውን ንርኢ

ሚርያም ዮሴፍ

ኣብ ወርሒ ግንቦት 2019፡ ምስ ገለ ብጾት፡ ናብቲ ሰፈር ዓቢ ዛንታ ዝኾነ መሬት ሳሕል ተጓዒዝና ነይርና። ናቕፋ፡ ኣዶብሓ፡ ዓራርብ፡ ዓራግ፡ ወዘተ። መሬት ሳሕልን ዝጸንሓና ሰውራዊ ኣሰራቱን ክሳዕ እዛ ደቒቕ እዚኣ፡ ኣብ ኣእምሮ ነፍሲወከፍና ተወቒሩ ዘሎ ረዚን ተዘክሮ እዩ። ኣብቲ፡ ብኣሰራርሓኡ ኣዝዩ ዘደንቕን ረቂቕ ናይ ምህንድስና ብቕዓት ዝሓለፎን፡ ትሕተ-መሬት ኣባይቲ ዝጸንሓና ኣሰራት ግን ሕልፊ ኣሎዎ። ኣብ ሓደ ክንዲ ርጉዲ ናይ ክልተ እኹላት ኣባጽሕ ዝትመን ዓንዲ፡ "ዓወት ናትና እዩ" ዝብል፡ ኣብ መወዳእታ 1970ታት ዝተጻሕፈ ኣሰራት፡ ንነዊሕ ሰዓታት ካብ ዘተዛተናሉ ጽሑፍ እዩ። ዝጸንሓና ሓድግታት ሰውራ፡ ንድሕሪት ተመሊስና፡ ኣተሓሳስባን መንፈስን ሰውራውያን ተቓለስቲ ክንግምት'ውን ኣየጸገመናን። መብዛሕትና ድሕሪ ናጽነት ዝተወለድና ብምንባርና፡ ነቲ ዘየርከብናሉ፡ ብዛንታ ጥራይ እንፈልጦ ታሪኽ ሰውራና፡ ኣሰራቱ ብዓይንና ብምርኣይ፡ ኣብ እምነትና ድርዒ ክንውስኽ፡ ዝያዳ ክንድነቕን ክንሕበንን ኣኺኢሉና።

'ምርኣይ ምእማን እዩ' ዝብል ግሉን ኣበሃህላ ኣሎ። ደቂ ሰባት ብተፈጥሮና ንዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት፡ ብዓይንና ምስ እንርእዮ፡ እንድህስሶ፡ እነስተማቕሮ፡ ወዘተ ዝያዳ ክንኣምኖም ንቕሱብ ኢና። ኮታስ ህዋሳትና ሓዊስና ንነገራት ክንርድኦ ኣብ እንፍትነሉ ግዜ፡ ፍልጠትናን እምነትናን ክዓቢ ግድን እዩ። እዚ፡ እቲ ንቡር ፍልስፍና ወይ ኣተሓሳስባ እዩ። ከም መንእሰያት ንቕያታት ገድልናን ታሪኽናን ምልስ ኢልና ክንርኢ ኣብ ዝፈተንናሉ ግዜ ግን ካልእ ሓቂ ክንግንዘብ ኣኺኢሉና እዩ። ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክዕወት ብዙሕ ካብቲ ንቡር ዝኾነ ኣተሓሳስባታት፡ ናብ ዘይንቡር ነገራት ተቐይሩ ሓይሊ ዝፈጠረ፡ ኣብ ጽንኩር ግዜ ዝተጠርየ፡ ብኻልኦት ሕብረተሰባት ብቐሊሉ ክቕዳሕ ዘይክእል መለለይታት ኣሎዎ። ናይ ሕጂ ዘለና ወለዶ፡ ነቲ ኣብ ከምዚ እዋን ዝተጠርየን ዝተጨበጠን ዓወታት ንምርዳእ፡ ካብ ወለዶ ሰውራ ዛንታኦም ክንሰምዕ፡ ከነንብብ፡ ሰነዳት ክንፍትሽ፡ ከነስተማቕርን ከነስተንትንን ከለና እዩ ዝያዳ ዝንጽረልና። ኣብ ተጋደልትና ዝነበረ፡ ምንጪ ሓይሊ ዝነበረን ዘዐወተን ኣተሓሳስባ ግን ዝተፈልየ እዩ፣ 'ዝኣመንካዮ ምርኣይ'።

ሰውራ ኤርትራ ብሒደት ጠበናጁን ሰውራውያን ተቓለስትን ክፍልም እንከሎ፡ ብዓይኑ ጥራይ ንዝርኢ ሰብ፡ እቲ ዓወት ዝሕሰብ ኣይነበረን። ብሓደ ወገን ዘመናዊ ኣጽዋር ዝዓጠቖን ብዓለም ዝድገፍን ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ ውሑዳት፡ ስንቂ ይኹን ደገፍ ዘይነበሮምን ዓለም ዝኸሓደቶምን ኤርትራውያን ተቓለስቲ ብምንጽጻር፡ ብዝደለናዮ ቁጽራዊ ቅማረታት፡ ክርከብ ዝኽእል ውድዓዊ ውጽኢት የለን።

ተጋደልቲ ነቲ ብዓይኖም ዝርእዩዎ ዝነበሩ ዘይተመጣጠነ ሓይሊ፡ እንተ ዝኣምንሉ፡ ሰውራ ኤርትራ ካብ ሜዳ ስድሪ ኣይምሰጐመን፣ ኣይምተዓወተን'ውን። ሓደ ካብቲ ረቂቕን ብቐሊሉ ዘይቅዳሕን ክብራታትና እምበኣር፡ ነቲ ዝርኣዮም ዝነበረ ግዙፍ ሓይሊ ጸላኢ ምእማንን ብእኡ ምርዓድን ዘይኮነ፡ ነቲ ዝኣመኑዎ ናጽነት ምርኣይ እዩ ነይሩ። ከም ህዝቢ፡ ብዓይንና ዘይኮነ ብኣእምሮና ዝርኣናያ ናጽነት ክውንቲ ኣብ ምግባራ ድማ መሪርን ኩሉ ዋጋ ዝሓተተን ቃልሲ ኣሕሊፍና። ምስቲ ዝተገልጸ ክውንነት፡ እቲ ክጭበጥ ዝኽእል ዘይመስል ዝነበረ ራእይ፡ ካብቲ ኣብ ባይታ ዝነበረ መሪር ሓቂ ንላዕሊ፡ ሓቀኛ ኮይኑ ተሰምዮም። እቲ ቀንዲ ምስጢር ዓወት ሰውራና እምበኣር፡ ኪንዮ ስግር ዝጥምት ራእይን ንጭቡጥ ኵነታት ብናይ ውሽጢ እምነትካ ናይ ምስዓር ዓቕምን እዩ።

ኣብ ጉዕዞና፡ ኣብ ስንጭሮታት ሳሕል ካብ ዝረኸብናዮ ኣሰራት ሰውራ፡ ነዚ ሓቂ'ዚ ዝያዳ ክንርድኦ ኣኺኢሉና እዩ። ኣይኮነን ፍጡር ሰብ፡ እንስሳ'ውን ከም ዊንታኡ ክነብረሉ ይኽእል እዩ ኢልካ ኣብ ዘይትግምተሉ ባዓቲታት፡ እቲ ንናጽነት ክዉን ዝገበረ መንፈስ ቅጅል ከም ዝብለካ ዝገብር ታሪኻዊ ሓድግታት ኣሎ። እቲ ንነዊሕ



ኪሎ ሜተራት ዝዝርጋሕ ድፋዓትን ናይ ትሕቲ መሬት ኣባይትን ምስ ተዓዘብካ፡ ኪንዮ እቲ ነሓድሕዱ ተመሳቒሉ እትርእዮ ኣእማንን ኣጉናድን ዝርኣየካ፡ እቲ ከምዚ ዝኣመሰለ ስፍራ ዝሰርሐ ኵነተ ኣእምሮ እዩ። መጻኢት ሓራ ኤርትራ ከኣ ኣብ በረኽቲ ርሻናትን ኣብያተ ጽሕፈታትን ዘይኮነ፡ ኣብዘን ጉዳጉዲ እያ ተሃንዲሳ።

ዝኣመንካዮ ምርኣይ ካልእ ሓይሊ'ውን ፈጢሩ እዩ። ሃገር ንምምጻእ ኣብ ዝካየድ ዝነበረ መሪር ቃልሲ፡ እቲ ዕማም ንኤርትራ ናጻ ምግባር ጥራይ ኣይነበረን። ሃገር ናይ ምህናጽ ፋልማይ መድረኽ'ውን ገና ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝተጀመረ መስርሕ እዩ። ኣብ ጎቦታት ዓራርብ ዝተደኰነ ብእንዳ ኢደ ስርሓት ዝፍለጥ ቦታ ኣብ ዝበጻሕናሉ እዋን፡ ዋላ'ኳ ሃሳስ ዝኾነ ኣሰራት እንተ ጸንሓና፡ ነቲ ናይ ሽዑ ራእይ ክንርዳእ ዝኽእለና ድሙቕ መልእኽቲ ግን ነይሩዎ። ኣብዚ ባዓቲታት ዝተሰላሰለ ንጥፈታት፡ ንሰውራ ኤርትራ ብናይ ገዛእ ርእሱ ዓቕሚ ደው ክብል በቲ ሓደ፡ ነታ ናይ መጻኢት ናጻ ኤርትራ ኣብ ምህናጽ ክጥረ ዘሎዎ ተመኩሮ ኣብ ምድላብ ድማ በቲ ካልእ፡ ድርብ ተራ ዝነበሮ እዩ። ሰውራ፡ ቦታ ብረታዊ ቃልሲ ጥራይ ዘይኮነ፡ ቦታ ምህዞን ርእሰ ምርኩሳን፡ ቦታ ማሕበረ ቍጠባዊ ሰውራ'ውን ከም ዝነበረ ዘርኢ ሓያል ኣብነት እዩ። ኣብ ውሽጢ ባዓቲታት ዝተሃንጸ ትካላት ህዝባዊ ግንባር ድማ ነቲ ናይ ናጽነት እምንቶ ክዉን ካብ ዝገበረ መሳርሒታት ሓደ እዩ። ገለ ካብኡ፡ ኣብ ትሕቲ መሬት ዝተሃንጸ ሕክምና፣ ፋብሪካታት ሽዳ፡ መንዲል ንጽህና፡ መግቢ ህጻናት፡ እንዳ ራሕባ፡ እንዳ ዓለባ፡ መድሃኒት ኣዘል፣ ጋራጃት፡ ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል። እዚ ሓይሊ'ዚ፡ ኣብ ኣእምሮ ተጋደልቲ ናይ መሃዝነት፡ ብቐንዱ ድማ ናይ ዋንነት መንፈስ ከም ዝህሉዎም ብምግባር፡ ዓወት ናትና'ዩ ዝብል ኵነተ ኣእምሮ ካብ ዝኹስኩሰ ሓያል ባህሊ እዩ። ኣብ ሰውራ ዝዓኾኹ ትካላት፡ ንዓወት ቃልስና ኣብ ምጉንጻፍ፡ ኣብ ናይ ድሕሪ ናጽነት ሃገር ናይ ምህናጽ ዕማምና ድማ መሰረት ኣብ ምንጻፍ፡ ዘይንዓቕ ተራ ተጻዊቱ እዩ። ከም ውጽኢቱ'ውን ኣብ ፈላማይ ጉዕዞ ህንጸት ሃገር ደንበርበር ኣይበልናን።

ኣብዚ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ ምብጻሕ ናብ ታሪኻዊ ስፍራታት ሳሕል፡ ሓደ ካልእ ዘደነቐናን፡ ንናይ ናጽነት ራእይና ክዉን ኣብ ምግባር ድማ ልዑል ተራ ዝነበሮን፡ እቲ ሰብ ናይ ምህናጽ ስትራተጂ እዩ። ኣብቲ ብቤት ተምህርቲ ሰውራ ዝፍለጥ፡ ዓሰርተታት ኣሽሓት ህጻናት ዝዓበዩሉን መጻኢት ኤርትራን ናጽነታን ዘማዕድዉሉ ዝነበሩ ታሪኻዊ ቦታ ዓራርብ ምስ በጻሕና፡ ንነፍሲወከፍ ምንቅስቓሳት ህጻናት ሰውራ ኣብ ኣእምሮና ክንስእል ኣይተሸገርናን። ብተወሳኺ፡ መሰረት ስርዓተ ትምህርትና ዝኾነ ብርክት ዝበለ ምርምራዊ ስርሓት ዝካየደሉ ዝነበረ ቦታ'ውን እዩ።

ህዝባዊ ግንባር ኣብቲ ንህላወኡ ዝፈታተን ኣዝዩ ጽንኩር እዋን፡ ኣብ ስንጭሮታት ሳሕል፡ ቤት ትምህርቲ ክምስርት ምኽኣሉ ድማ ካብቲ እናሻዕ ዘደንቐና ትዕዝብቲ ኮይኑ ጸንሐ። ክልተ ኣገደስቲ ሓቅታት ከኣ ነጺሩልና። እቲ ቀዳማይ መርኣያ'ቲ ዝነበሮ ነዊሕ ራኢ ኮይኑ፡ ናጽነት ዘይተርፍ ውጽኢት ናይቲ ቃልሲ ምዃኑ ዝኣመነን ንድሕሪ ሓርነት ዘሎ መድረኽ ድማ ሰረት ንምንጻፍ ዝዓለመን ምንባሩ እዩ። እቲ ካልኣይ ድማ፡ እቲ ውድብ ዝነበሮ ሰብኣዊ ባህሪ ዘንጸባርቕ እዩ። ህ.ግ ኣንጻር እቲ ብኹሉ ሓይልታት ዝድገፍ ዝነበረ ጸላኢ እናመከተ፡ ንስድራ ተኪኡ ህጻናት ዘዕበየን ዝናበየን ውድብ ምንባሩ ትእንግርቲ እዩ። እዚ፡ ነቶም ኣብ ሕቍፎኡ ዝነበሩ ህጻናት፡ ከይሰልከየ ብሃገራዊ ኣተሓሳስባ ክሃንጽ ዝመስረቶ፡ ካልእ ሰብ ናይ ምህናጽ ሰውራ እዩ።

ብሓፈሻ፡ ድምር ናይቲ ኣብ ሰውራና ዝተጠርየ ኣተሓሳስባ፡ ዝተኹስኰሰ ባህሊ፡ ዝተደለበ ተመኵሮ ወዘተ፡ ናጽነት ክኸውን ከም ዝኽእል ጥራይ ዘይኮነ፡ ከም ሓደ ዘይተረፍ ሓቂ ገይርካ ብምውሳድ ዝተኸደ ጉዕዞ እዩ። ሰውራ ኤርትራ እምበኣር ነቲ ዘይከኣል ዝበሃል ዝነበረ ዓለማዊ ስነ መጎት ሰይሩ፡ ብሓይሊ ራእይ ሓድሽ ታሪኽ ዝሰርሓሉ ምኽንያት፡ እምነት ብቐዳምነት ስለ ዝሰርዐ እዩ። ናጽነት ኤርትራ ኣብ 24 ግንቦት 1991 ጥራይ ኣይኮነተን ተረጋጊጻ። ናጽነት ኣብ ኣእምሮ እቶም ብቖራጽነት ዝተበገሱ ሰውራውያን ተቓለስቲ፡ ገና ኣብ በረኻታት ሳሕል ከለዉ ዝተራእየቶምን ርግጽትን እያ ነይራ። ታሪኻ ኤርትራ፡ ንዓለም ዝምህሮ ዓብዩ ትምህርቲ እንተ ሃልዩ እምበኣር እዚ እዩ።

ሓይሊ፡ ብቐዳምነት ኣብ ኣእምሮ ህዝብታት ዝህነጽ ደኣ እምበር፡ ብነገራዊ መዐየሪ ጥራይ ዝትመን ኣምር ኣይኮነን። ብዝሒ ኣጽዋርን ሰራዊትን እቲ ፍጹም መዐቀኒ ሓይልን ብቕዓትን ክኸውን ከም ዘይክእል ድማ ካብ ታሪኽና ብቐረባ እንምሃሮን እንምህሮን ተመኵሮ እዩ። ራእይ እዩ ንብረት ዝመርሕ፣ እምነት ድማ ኣእምሮ ሰራዊት ይሃንጽ። ብዘይ ራእይ ዝትኰስ ብረትን ብዘይ እምነት ዝቃለስ ኣእምሮ ሰራዊትን ድማ ዕላማኡ ኣነጺሩ ሸቶኡ ክሃርም ኣይክእልን። ከም ኤርትራውያን ከኣ ዝኣመናዮ ሳላ ዝርኣና፡ ናጽነትና ግሁድ ክንገብር ክኢልና ኢና። ሕጂ'ውን ነታ ኩሉና ሃረር እንብላ ምዕብልትን ብልጽግትን ኤርትራ ክውንቲ ንምግባር፡ ዝኣመንናዮ ኣማዕዲና ካብ ምርኣይን ክዉን ንምግባሩ ዓጸፋ ካብ ምስራሕን ክንሕየብ የብልናን።





# ማራቶን ኣስመራ 2026

















ስእሊ-ክብሮም ጸሃየ
ኣብርሃም በየነ
ሄኖክ ተኸለገርግሽ

ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ማራቶን ኣስመራ - ናሆም ኤርምያስ (ሰንዓፈ) ተዓዊቱ

### “ሰንዓፈ ምስ ሰንዓፈ’ዩ ተወዳዲሩ ተዓዊቱ” ናሆም




ንነደናታት ከተማ ኣስመራ፡ መዚቃ ወለዑ እናኸየየ ኣሰራት ርጋጽ እግሩ ገዲፉሉም እዩ። ምናልባት ብዙሉ ወኻት ብኣሉታ ዝገለጽ እኳ እንተኾኑ፡ ዓወት ካብ ምምጻእ ግና ዓጊትዎ ኣይፈልጥን። ብፍላይ ኣብቲ ዝዓበየ ናይ ጉያ ውድድር ኤርትራ ዝኾነ ‘ማራቶን ኣስመራ’። ክንዮ መቐረት፡ ኣብ መዘዙብ ናይቲ ውድድር’ውን ልዕሊ ዝኾነ ኤርትራዊ ኣትሌት ስሙ ብቐጻምነት ደጋዊዑ - ዕወት ማራቶን ኣስመራ 2026 ናህም ኤርሚያስ (ሰንዓፈ)።

ናይ ሎሚ ዓመት ማራቶን ኣስመራ፡ ካብ ዞባታት ማእከል፡ ደቡብን ጋሽ ባርካን፡ ከምኡ’ውን ክሉብ ደንደን ናይ ውልቂ ኣትሌታትን ተሳቲፎሞ። ሓሓደ ኣትሌታት ከኣ ካብ ኡጋንዳ ኬንያን ደቡብ ሱዳንን።


ዘይክሙቲ ዝቖጽረ ብርቱዕ ጸሓይ፡ ከተማ ኣስመራ በቲ ዝፍሰ ዝበረ ህዱእ ንፋስ ቁሩብ ዝሕል ኣላ እንክሎ’ዩ ውድድር ፈሊሙ። ብኣጋኡ ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ደቡብ ሱዳናዊ ኣትሌት ካብ ዓበይ ጉጅለ ተረፉ። ጉዳይምን ሓደስቲን ኤርትራውያን፡ ከምኡ’ውን ኝኬንያዊ ኣትሌት ሳይሞን ከምታይን ኡጋንዳዊ ኢሳቅ ማሳይን ዝሓዘት ጉጅለ ከኣ፡ ብስለስተ ኣቀላጠፍቲ እናተመርሐት ንቐዳማይ ዙርያ (ሽውዓተ ኪሎሜተር) ብ22 ደቒቕን 17 ካልኢትን ወዲኣ።

ንካልኣይቲ ዙርያ፡ ብ22 ደቒቕን 25 ካልኢትን ሓሊፋ፤ ኣብታ ብ22 ደቒቕን 35 ካልኢትን ዝወድኣታ ሳልሳይቲ ዙርያ’ውን፡ ኣብታ ጉጅለ፡ ገለ ኻየይቲ ዘልሓጥ ክበሉ ተራእዮም። ዳርጋ ኩሎም ክዕወቱ ዝተገመቱ ግን ምስ ምሉእ ሓይሎም ነይሮም።

ኣብ ራብዓይቲ ዙርያ ግና፡ ለውጢ ክርአ ጀሚሩ። ኣብ ጥቅምቲ 2021 ኣብ ሆላንድ ኣምስተርዳም ብዘመዝገቦ 2 ሰዓት፡ 4 ደቒቕን 35 ካልኢትን ሃገራዊ ክብረ ወሰን ናይዚ ርሕቀት ሒዙ ዘሎ ጉዳም ኣትሌት ክሉብ ደንደን ህዝቂል ተወልደ፡ ኣትሌት ዞባ ማእከል ኣሮን ክፍለን ካልኦትን ተረፎም። ፔትሮ ማሞን ዓብለሎም ከሰተን ካብ ክሉብ ደንደ፡ መርሃዊ ከሰተ ካብ ጋሽ ባርካ’ውን ክድሕሩ ጀሚሮም።

ውድድር ዝያዳ ተጻዋርነት እናሓተተ ብዝኸደ፡ ካብ ፈለማ ጸወታ ካብ ማእከል ጉጅለ ወጺኡ ኺ ኺ ዝኾዩ ዝበረ ኡጋንዳዊ ኢሳቕ፡ ኣብ ራብዓይቲ ዙርያ ኣብ ሲቲ ፓርክ ካብ ኣሰር መራሕቲ ዘልሓጥ ኢሉ። መራሕቲ ጉጅለ ከኣ፡ እናተጸልጸለት ንኣትሌታት ክሉብ ደንደን ሳምሶም ገብረመድህንን ኦሎምፒኻዊ ዕቑባይ ጿጋይን፡ ኦሎምፒኻዊ ዕቑብ ክብሮም ዞባ ማእከል፡ ከምኡ’ውን ንናህም ኤርምያስ (ሰንዓፈ) ካብ ጋሽ ባርካ ሒዛ ተሪፉ። ጉዳም ጉያዪ ጎይትኦም ክፍለ ከኣ፡ ሒደት ሜትሮታት ተፈንቲቱ ይስዕቦም።

እዚ ንሓሙሻይቲ ዙርያ ብ23 ደቒቕን 14 ካልኢትን ዘወደኣታ መራሒት ጉጅለ፡ እናተበራረየት ኣብ መዛዘሚ ዙርያ በጺሓ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ ከኣ፡ ሳምሶም፡ ካብታ ጉጅለ ክተርፍ ተራእዩ። ክልተ ኣብ ዝተፈላለየ ጓብዪቲ ውድድራት ዓለም ክሳብ




ኣብ ኦሎምፒክ ብምጽዋት ልዑል ተመክሮ ዘቐሰሙ ኣትሌታት ከኣ፡ ምስ’ቲ ንነደናታት ኣስመራ ልዕሊ ማንም ኣትሌት ከም ኣጻብዕቲ ኢዱ ዝፈልጦ ናይ ውሽጢ ዓዲ ኣትሌት ናህም (ሰንዓፈ) ተፋጠጡ።

ሰንዓፈ፡ ወላ’ውን ኣብቲ ወጣሪ እዋን ኣብ ጸቕጢ ዝኣተወ ኣይመስልን። እናተዛረየ ምስኦም ኣብ ኩሉ መስመር “ፎርሳ ሰንዓፈ!” እናበሉ ሞራል ዝሁብዎ ዝበሩ ደገፍቲ ርክቡ ከይበዞኾ ጉያ ቀጺሉ። ካብኡ ሓሊፉ፡ ካብ መወዳድርቱ ከይተረፈ፡ ካብ መስመር እናወጸን ዚግዞግ እናሸደኑ ምስ ሓይሉ ከፀዝሎ ኣማስከሩ።

ዕቑባይ፡ ኣብ ከባቢ ሲቲ ፓርክ ክተርፍ ምስ ጀመረ ድማ፡ ዕቑብን ናህምን ዓቕሞም ክፈታተኑ ጀሚሮም። ተደጋጋሚ ግዜ’ውን ዕቑብ ከጥቅዖ ፈቲኑ፡ ናህም ግን ምልቓቕ ኣብዩዎ። ኣብ ናይ መወዳእታ ኣስታት 200 ሜትሮ፡ እግሪ እግሪ ናህም ዝስዕብ ዝበረ ዕቑብ ናይ መወዳእታ መጥቃዕቲ እኳ እንተገበረ፡ ብትኹረት ዝከታተሎ ዝበረ ናህም ግን ነቲ መጥቃዕቲ ኣምኪኑ ብዘመንጨዎ ሓያል ጸዓት ፈልዩዎ ቀዳማይ ኣትዩ - ብ2 ሰዓት፡ 16 ደቒቕን 25 ካልኢትን ዕወት ‘ማራቶን ኣስመራ 2026’ ኮይኑ።

ቅድሚ ገለ መዓልታት ናይዚ ውድድር ብምሉእ ርእሱተኣማንነት ንሳልሳይ ግዜ ክዕወት (ሃትሪክ) ክሰርሕ ምዃኑ ዝሓበረ ናህም (ሰንዓፈ)፡ ከም ቃሉ ደሚቑ። እቲ ብህንጻታት ኣርት ዴኮ ዝወቀበ ጎደናታት ኣስመራ ድማ፡ ጻማኡ ከለእዎ ኣይፈልጥን - ብዚይካ ኣብ 2024። ኣብ 2023፡ 2025ን 2026ን ዝተዓወተ ናህም (ሰንዓፈ)፡ ብተበዘሐ ዓወታት ዛጊት መዳርግቲ ዘይተረኸቦ ኣትሌት እዩ - ኣብ ታሪኽ ማራቶን ኣስመራ። ሰሚሩሉ ከኣ፡ ‘ሃትሪክ’ ሰሪሑ 90 ሽሕ ናቕፋ (ሹዱሽተ ሽሕ ዶላር) ተሸሊሙ።

እዚ ውድድር፡ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ ብዓለምለኻዊ ማሕበር ኣትሌቲክስ ብልክዕ ተዓቂኑ፡ እዚ ሕጂ ናህም ሃሪሙዎ ዘሎ ግዜ ከኣ መበገሲ ተመዝጊቡ ኣሎ።

ዕቑብ፡ ሓሙሽተ ካልኢት ተፈንቲቱ ካልኣይ ብምእታው፡ 60 ሽሕ ናቕፋ (ኣርባዕተ ሽሕ ዶላር) ተሸሊሙ። 23 ካልኢት ድሒሩ ኑሓስ መዳልያ ዘንጠልጠለ ዕቑባይ፡ ተሸላሚ 30 ሽሕ ናቕፋ (ክልተ ሽሕ ዶላር) ኮይኑ።

ካብ ራብዓይ ክሳብ ሻዱሻይ ዝኣተዉ ሳምሶም ገብረመድህን 15 ሽሕ ናቕፋ፣ ጎይትኦም ክፍለ 12 ሽሕ ናቕፋ፣ ኣቤል ከሰተ ካብ ደንደን ከኣ፡ 10,500 ናቕፋ ተሸለምም።

ሎሚ ዓመት ካብ 10 ኪሎሜተር ናብ 21 ኪሎሜተር (ፍርቂ ማራቶን) ክብ ዝበለ ናይ ደቂ ኣንስትዮ’ውን ተኻዪዱ። ኣብዚ ዝያዳ ብፍጥነት ኦሎምፒኻውያን ኣትሌታት ናዝሬት ወልዱን ዶልሺ ተስፉን ዝተቓለሰ ውድድር፡ እዘን ጉዳይም ኣትሌታት፡ ክሳብ መዛዘሚ ብሓባር ተጓዒዘን። ብቐጸቢታዊ ውድድር ከኣ፡ ኣባል ጋሽ ባርካ ናዝሬት፡ ንኣትሌት ክሉብ ደንደን - ዶልሺ ቀዲማ ብ1 ሰዓትን 16 ደቒቕን ተዓዊታ። ዶልሺ፡ 16 ካልኢት ተፈንቲታ ሰዒባታ። ብቐደም ተኸተል ከኣ፡ 25ን 15ን ሽሕ ናቕፋ ተሸሊመን።

ክልተ ቁልዑ ዘለዋን ድሕሪ ወሊድ ክትወዳደር ጸገም ከምዘይብሉን ዘርኣየት ኣትሌት ደንደን - ስምረት መርሃዊ፡ 1 ደቒቕን




26 ካልኢትን ድሒራ መድረኽ ደይባ 12 ሽሕ ናቕፋ ተሸሊማ። ሚካል ጸገዙኣብ - ደንደን 10 ሽሕ፡ ኣትሌታት ዞባ ደቡብ - ናጽነት ኣማኑኤልን ትርሓስ ሚካኤልን ከኣ፡ ሸሞንተን ሓሙሽተን ሽሕ ናቕፋ ተሸሊመን።

ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ክልተ ምድብ ተኸፋፊሎም ተጻዊቶም - ፓራኣትሌታት ማለት ሰንከላን ተቐዳደምቲ ዊልቸር። ኣብቶም 2.3 ኪሎሜተር ዝሸፈኑ ናይ ዓንዲ ሕቖ ማህረምቲ ዘለዎም ተቐዳደምቲ፡ ቴድሮስ ኣረጋይ፡ የናስ ሃይለን ጴጥሮስ ሳሙኤልን፤ ኣብቶም ሰለስተ ኪሎሜተር ዝሸፈኑ ናይ መሓውር ሰንከላን ከኣ፡ ተስፉሂወት፡ ኢብራሂም መሓመድን ድራር ዑቕባሚካኤልን ተመራሪሖም ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ኣትዮም። ብተመሳሳሊ ሰለስተ ሽሕ፡ ክልተ ሽሕ ከምኡ’ውን 1500 ናቕፋ ከኣ ተሸሊሞም። ካብ ራብዓይ ክሳብ ሻድሻይ ዝኣተዉ ከኣ ነፍሲ ወከፎም 1000 ናቕፋ ተሸሊሞም።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ክሳብ 28 ኪሎሜተር ኣቀላጣፊ ዝበረ ናህም ተስፉይ፡ ብ1 ሰዓት፡ 29 ደቒቕን 36 ካልኢትን ንዝተዋህበ ደረት ግዜ ብ1 ሰዓት፡ 29 ደቒቕን 32 ካልኢትን ብምዝዛሙ፡ ሽዱሽተ ሽሕ ናቕፋ ተሸሊሙ። ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ክሳብ 14 ኪሎሜተር ክሽፍንን ብትሕቲ ብ49 ደቒቕን 50 ካልኢትን ክውድእ ዝበሮ ሞንስ ሹማይ ከኣ፡ ብ49 ደቒቕን 48 ካልኢትን ብምውድኡ፡ ሰለስተ ሽሕ ናቕፋ ተሸሊሙ።





# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## እስራኤልን ኢራንን ንሓድሕደን ተጠቓቒዐን

ኢራን፡ ኣብ ልዕሊ እስራኤል መጥቃዕቲ ሚሳይል ከም ዘካየደት፡ ሓለዋ እስላማዊ ሰውራ ኢራን ገሊጹ።

ኢራን ብዮሚሳይል ዝዱብደቦ ቦታታት - ማእከላይ፡ ሰሜናውን ደቡባውን ክፋል እስራኤል ከም ዝርከቡ ሓቢሩ።

እስራኤል ብወገና፡ ከም መልሰ ግብሪ ናይቲ ኣብ ልዕሊኣ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ከተማታት ቴህራን፡ ታብሪዝን እስፋሃንን ናይ ኢራን ሓያል ናይ ሚሳይል መጥቃዕቲ ከም ዘካየደት ገሊጻ።

ኢራን፡ መጥቃዕቲ ኣስራኤል ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ ደው እንተ ዘይኢሉ፡ ኣብ ልዕሊኣ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ከም እትወስድ ከተጠንቅቕ ምጽንሓ ዝፍለጥ እዩ።

ድሕሪ መጥቃዕቲ ኢራን ኣብ ልዕሊ እስራኤል፡ ናታንያሁ፡ ኣብ ልዕሊ መሰልጥያታት ጸዓት ኢራን መጥቃዕቲ ንምፍጻም ካብ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ፍቓድ ክጽበ ከም ዝጸንሐ፡ መርበብ ሓበሬታ ራሻ ቱደይ የመልክት።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ኢራን ዘካየደቶ መልሰ መጥቃዕቲ ኢድ ናይ ሃገሩ ከም ዘይብሉ ድሕሪ ምግላጹ፡ ክልቲአን ሃገራት ንሓድሕደን ምጥቕቓዕ ደው ክገብራ ጸዊዑ።

ሰራዊት እስራኤል፡ ዝሓለፈ ሰንበት ህዝቢ ብጾዕቂ ኣብ ዝነበረሉ ከባቢታት በይሩት መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍጻሙ፡ ብውሑዱ ክልተ ሰባት ክሞቱ እንከለዉ ካልኦት 20 ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ሊባኖስ ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ በቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ኢራን ዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ገለ ከባቢታት ናይታ ሃገር ካብን ናብን ዝግበር ዝነበረ በረራታት ንግዜኡ ደው ኢሉ ከም ዘሎ፡ ሰብ መዚ ኣቪየሽን ኢራን ገሊጾም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ የመን ዝርከቡ ዕጡቓት ጉጅለ ሑቲ፡ ከም መልሰ ግብሪ መልሲ ናይቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ኢራን ዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ፡ ናብ እስራኤል ሚሳይል ከም ዝወንጨፉ ኣፍሊጦም።

ሑቲ ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ብቐይሕ ባሕሪ ዝሓልፉ መራኽብ እስራኤል መጥቃዕቲ ከም ዝፍጽም'ውን ኣጠንቂቑ ኣሎ።



## ጃፓን፡ 94 ኣብያተ ትምህርቲ ካብ ስራሕ ደው ተብል


ኣብ ከተማ ኣትሱናሚያ - ጃፓን፡ ንፈለማ እዋን ተርእዮ ምንቅስቓስ ናይ ድቢ ድሕሪ ምግጣሙ፡ ኣብታ ከተማ ንዝርከቡ 94 ናይ መባእታን ማእከላይን ኣብያተ ትምህርቲ ካብ ትማሊ ሰኑይ ኣትሒዘን ምምሃርን ምስትምሃርን ደው ክብላ መምርሒ ተመሓላሊፉለን ከም ዘሎ፡ ሓደ ብዓል ስልጣን ናይታ ከተማ ሓቢሩ።

ካብ ከተማ ቶክዮ ኣስታት 100 ኪሎ ሜተር ንሰሜን ርሒቓ እትርከብን ኣስታት ፍርቂ ሚልዮን ነበርቲ ዘለዉዋን ከተማ ኣትሱናሚያ፡ ሓደ ድቢ ኣብ ከባቢ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ክንቀሳቐስ ድሕሪ ምርኣዩ ኑቲ ስጉምቲ ክትወስድ ከም ዝኸኣለት፡ ሰብ መዚ ናይታ ከተማ ገሊጾም።

ኣብ ጃፓን መጥቃዕቲ ድቡታት እናወሰኸ ብምምጽኡ፡ መንግስቲ ኣብዚ ዓመት ሓሊፉ ዕማም ብምቛም ኣብ ሰባት ዝወርድ ጉድኣት ንምንካይ ደሰርሕ ከም ዘሎ እዩ ዘረድእ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን'ውን ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ጃፓን - ከተማ ፋኩሺማ ብመጥቃዕቲ ድቢ ብውሑዱ ኣርባዕተ ሰባት ከም ዝቖሰሉ፡ መርበብ ሓበሬታ ሮይተርስ ኣመልኪቱ ነይሩ።

ጸለምቲ ድቡታት ኤስያ፡ ኣብታ ኣህጉር ቀጽሪም እናንደለ ክኸይድ ከም ዝጸንሐ እኳ እንተ ተገልጸ፡ ኣብ ጃፓን ግና ካብ 2012 ንደሓር ተርእዮ ሃድን ብምንካዩ ቀጽሪም ብሰለስተ ዕጽፊ ከም ዝወሰኸ እዩ ዝግለጽ።



## ናይጀርያ - ተጨውዮም ዝጸንሑ 360 ሰባት ናጻ ተለቒቖም

ሰራዊት ናይጀርያ፡ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ዓመት ብዕጡቓት ቦኮ ሓራም ዝተጨውዩ 360 ሰባት ናጻ ከወጽእ ከም ዝኸኣለ ገሊጹ።

እቲ ሰራዊት ኣብ መግለጺኡ፡ ኑቶም ኣብ ዞባ ቦርኖ - ኣኽራናት ማንዳራ ብሕማቕ ኣገባብ ተታሒዞም ዝጸንሑ ሰባት፡ ስርሒት ብምኽያድ ብዘይ ዝኾነ ጉድኣት ናጻ ከውጽኦም ከም ዝኸኣለ ኣረዲኡ።

እንተ ኾነ፡ ድሕሪ እቲ ስርሒት፡ ክልተ ህጻናት ብሰንኪ ድኻም ከም ዝሞቱ፡ ኣፈኛ ናይቲ ሰራዊት ሃኑና ሳኒ ገሊጹ።

ንሱ ቀጺሉ፡ "ኩሎም ሰባት ሕክምናዊ ክንክንን ካልእ ሓገዛትን ንምርካብ፡ ብሰላም ናብ ውሑስ ቦታታት ክበጽሑ ክኢሎም ኣለዉ፡" ኢሉ።

ኣብቲ ዝተኻየደ ስርሒት፡ ገለ ኣባላት ቦኮ ሓራም ክሃድሙ እንከለዉ፡ ብዙሓት ካልኦት ድማ ኢዶም ኑቲ ሰራዊት ከም ዝሃቡ፡ መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ኣመልኪቱ።

ቦኮ ሓራም፡ ኑቶም ዝጨወዮም ዜጋታት ናጻ ንምልቃቕ ሚልዮናት ገንዘብ ክሓትት ምጽንሑ'ዩ ዝግለጽ።

ዕጡቓት ቦኮ ሓራም ገንዘብ ንምርካብ ብዝዑብል ዕላማ ብተደጋጋሚ ንጹሃን ዜጋታት ከም ዝጨውዩ ዘመልክቱ ጸብጻባት ናይጀርያ፡ ካብ ሓምለ 2024 ክሳብ ሰነ 2025 ኣብ ዝነበረ እዋን ጥራይ ካብ'ቶም ጅሆ ዝሓዝዎም ሰባት ኣስታት 1.66 ሚልዮን ዶላር ክቕበሉ ከም ዝኸኣሉ ይጠቕሱ።



## ፊሊፒንስ - ብምንቅጥቃጥ መሬት ብዙሓት ሰባት ሞይቶም

ኣብ ደቡባዊ ክፋል ፊሊፒንስ - ደሴት ሚንዳናኦ፡ ትማሊ ሰኑይ 7.8 ሬክተር ዝዓቐኑ ሓያል ምንቅጥቃጥ መሬት ብምግጣሙ 32 ሰባት ክሞቱ ከለዉ፡ ካልኦት 134 ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ሰብ መዚ ናይታ ሃገር ኣፍሊጦም።

ብዘይካ'ዚ፡ በቲ ሓደጋ ሓያሎ ህንጻታት ዓኑዩ ከም ዘሎ፡ እቶም ሰብ መዚ ሓቢሮም።

እቶም ሰብ መዚ ቀጺሎም፡ እቲ ሓያል ምንቅጥቃጥ መሬት፡ ኣብ ገለ ክፋል ማያዊ ኣካል ኤስያ ብርቱዕ ማዕበል ሱናሚ ክበጽሕ ስለ ዝኽእል፡ ብፍላይ ነበርቲ ገማግም ባሕሪ ፊሊፒንስ፡ ኢንዶነዥያ ማሌዥያን ብኡንኡ ናብ ውሑስ ቦታ ክግዕዙ ተማሕጺኖም።

ፕረዚደንት ፊሊፒንስ ፈርዲናንድ ማርኮስ ጁንየር፡ ንጉዳያት ናይቲ ሓደጋ ቅልጡፍ ሓገዝ ክወሃብ ትእዛዝ ከም ዘመሓላለፈ ተገሊጹ።

ከምዚ ዝበለ ሓደጋ ብተደጋጋሚ ዝረኣያ ፍሊፒንስ፡ ቅድሚ ሸሞንተ ወርሒ እውን ህይወት 79 ሰባት ዝቐተለ 6.9 ሬክተር ዝዓቐኑ ተመሳሳሊ ሓደጋ ኣጋጢሙዋ ምንባሩ'የም ጸብጻባት ዘመልክቱ።



## ማልታ - ጃልባ ብምጥሓላ 10 ሰባት ሞይቶም

ሓለዋ ገማግም ባሕሪ ኢጣልያ፡ ስደተኛታት ጽዒና ትጉዓዝ ዝነበረት ጃልባ ኣብ ከባቢ ደሴታዊት ሃገር ማልታ ብምጥሓላ፡ 10 ሰባት ከም ዝሞቱ ኣፍሊጡ።

እታ ካብ ገማግም ባሕሪ ሊብያ ዝተበገሰት ጃልባ፡ ኣስታት 60 ሰባት ጽዒና ከም ዝነበረት'ውን ወሲኹ ገሊጹ።



ድሕሪ'ቲ ሓደጋ፡ ሓለዋ ገማግም ባሕሪ ኢጣልያ ናብቲ ቦታ ኣባላት ህይወት ኣድሕን ከም ዝለኣኸ፡ ምስ ሓይሊ ባሕሪ ማልታ ተሓባቢሩ ኑቶም ደሃዮም ዘይተረኽቡ ስደተኛታት ናይ ምድላይ ስርሒት ከም ዘካየደን እውን ኣረዲኡ።

ኣብ ጥቓ ማእከላይ ባሕሪ ካብ ዝርከባ ሃገራት ሰሜን ኣፍሪቃ ዝብገሱ ስደተኛታት፡ ናብ ኢጣልያን ማልታን ንምብጻሕ ነዚ ዘይውሑስ መስመር ባሕሪ ከም ዝጥቀሙ እዩ ዝግለጽ።

ኣህጉራዊ ውድብ ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ብወገኑ፡ ድሕሪ 2014፡ ሎሚ ዓመት ንፈለማ ግዜ ዝለዓለ መጠን ሞት ስደተኛታት ከም ዝተራእየ ገሊጹ።

ኣብ ዝሓለፈ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ናይዚ ዓመት ጥራይ፡ በዚ ሓደገኛ መስመር ማእከላይ ባሕሪ ክሰግሩ ዝፈተኑ ብውሑዱ 990 ሰባት ከም ዝሞቱ ድማ ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት'ውን፡ ብውሑዱ 2,180 ሰባት ከም ዝሞቱ ወይ ደሃዮም ከም ዘይተረኽበ እዩ ጸብጻብ ውድብ ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ዘረድእ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኀደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ በራኺ | 09/06/2026 | ከባቢ ፊያትታሌሮ ፊት ቶታል መኣኣደሊ ነዳዲ | 07147264 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services